# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ.198 | ሰንበት 17 ሚያዝያ 2016 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኣብ ሳልሳይ ዓመት ፍቕርና (II)



ገጽ 4
ሚላዊት

ገጽ 5
ተጻዋን



ገጽ 6
“ብዘለካ ምዕጓብ” - ዕላል ክልተ መሓዛት

ገጽ 7
ሚክኤል ኣብ ‘ፈንቅል ቻለንጅ’ ኣንጸባሪቑ




## ኣብ ምክትታል ጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ዘተኩረ ዞባዊ ስልጠና ተዛዚሙ

ካብ 10 ሚያዝያ ኣትሒዙ ኣብ ሆቴል ኣስመራ-ፓላስ ክወሃብ ዝቐነየ፡ ካብ 17 ሃገራት ዝመጹ ክኢላታት ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ምክትታል ጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ዘተኩረ ዞባዊ ስልጠና፡ ብ15 ሚያዝያ ተዛዚሙ።



ስ/ ሳልሕ ዓብደልቓድር

ኣብ'ቲ ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ውድብ ጥዕና ዓለምን ካልኦት መሻርኽትን ተወዲቡ፡ ብዓለም ደረጃ ልዑል ተፈላጥነት ብዘለዎም ክኢላታት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ንምክትታል፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ክህሉ ብዝዕባ ዝግባእ ወሃደትን ምትሕግጋዝን፡ ተመኩሮ ዝተፈላለየ ሃገራት ኣብ ምክትታል ጎድናዊ ሳዕቤን መድሃኒት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምህናጽ ብቑዕ ትካላትን” ዝበሉን ካልኦት ዛዕባታትን፡ ሓባራዊ ርድኢት ንምፍጣር ብሰፊሑ ተዘቲዩሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ “ምህናጽ ሓያል መቈጻጸሪ ስርዓት ዝዘይብቑዕን ናይ ሓሶትን መድሃኒት፡ ንምክትታል ጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ዝሕግዝ ስርዓት-ሓበሬታ ምድላው፡ ፍወሳ ብጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ዝስዕብ ጸገማት፡ ተራ ሞያውያን ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡ ምግምጋም ብቑዓት ትካላት መድሃኒት፡ ኣገዳስነት መጽናዕትን ምርምርን ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ክታበት” ኣብ ዝበሉን ካልኦትን ኣርእስታት ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ሃገራዊ ቍጽጽር መድሃኒትን መግብን ኣቶ ኢያሱ ባህታ ኣብ ዘሰመየ ናይ መዕጸዊ ቃል፡ እቲ ስልጠና፡ ተሳተፍቲ ሃገራት ኣብ ምክትታል ጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት ሓባራዊ ርድኢት ብምፍጣር ብቑዓት ትካላተን ከዕብያሉ ዝኽእላ ባይታ ንምጥጣሕ ሓጊዙ ምንባሩ፡ ኤርትራ ነዚ ፍሉይ ስልጠና ከተኣንግድ ምብቃዓ - ነቲ ንጥፈታቱን ዓቕሚ-ሰቡን እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ኣሃዱ ምክትታል ጎድነኣዊ ሳዕቤን መድሃኒት፡ ድርኺት ዝፈጥር ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ኣብ'ዚ ስልጠና፡ ካብ ሱዳን፡ ኬንያ፡ ብሩንዲ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኬፕ-ቨርደ፡ ታንዛንያ፡ ዚምባብወ፡ ሞሮኮ፡ ጋና፡ ናይጀርያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ታይላንድ፡ ሸወደን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ስዊዘርላንድን ኔዘርላንድስን ዝመጹ ሞያውያን ተሳቲፎም።

ተሳተፍቲ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ መደብ፡ ካብ ትማሊ ጀሚሮም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ዑደት የካይዱ ኣለዉ።

## ባጽዕ - ኮማዊ ልምዓታዊ መደባት ተገምጊሙ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምምሕዳራት ከባቢን ዓዲታትን ዝተተግበሩ ኮማዊ ልምዓታዊ መደባት ንምግምጋም፡ ኣብ መጋቢት ብዝዕባ ዝትግበሩ ንምዝታይ፡ ብ14 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣኼባ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣብ 10 ንኡሳን ዞባታት ዝተሰላሰሉ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምስራሕን ምጽጋንን ዛላታትን ከትረታትን፡ ምፍዋስ ማይክዮታትን ብፍግረ-መሬት ዝተሃሰዩ ከባቢታትን፡ ምምስራት ዓዳዊ መደበራት ፈልሲ፡ ምግራብ፡ ከምኡ'ውን ምምስራት ሓምላይ ክሉብን ዕቃብ ኣግራብን እንከሰ ዘጉዳምን ብሰፊሑ ተዘቲዩሉ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ተስፊት ገብረእግዚኣብሄር፡ እቲ ገምጋም፡ ብልጫታትን ድኽመታትን ንምልላይ ሓጊዚ ምንባሩ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣብ ምፍላስ ማጠቓለውያን ኣግራብን ስርሓት ዛላታትን ገለ ድኽመታት'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ካልእ ዕማማት ኣበታዊ ዕዉ ከምእተሳለጠ ገሊጹ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ድማ፡ ከም ዝሰረቱ ልምዓታዊ መደባት ወጽኢታዊ ምዃኑ፡ ሓምላይ ክሉብ ኣብ ሰብኣንምሮ ህጻናት ንምስራጽ ብዕቱብ ክሰርሕ፡ እንሓርሶ ልሙዕ ዘይንሓርሶ ሰቡሕ ክኸውን ምእንቲ፡ ከም ዝሰረቱ ልምዓታዊ መደባት ክዕዘዝ ኣዘኻኺሩ። ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ምምሕዳር ከበቢ ሮራ-ሓቡበ ንዝተወስዱ ህዝባዊ ተበግሶታት ድማ መጕሱ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ጸገረዳ ወልደጊዮርጊስ ብወገኑ፡ ንዓዳዊ ልምዓት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ብዙሕ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ፡ ህዝባዊ ኣወዳድባ ብምሕያል መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ካብ 2015 ይሰራሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንሓደኛነት ኣዝዕባ ምድረብዳን ምክልኻሉን ንተራ ሓረስቶትን ኣመሓደርቲን ኣብ ምክልኻል ባልዓት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ዝወርዳ ዕሰለ ኣዕዋፍ ዝምልከት ኣስተምህሮ፡ ብክኢላታት ተዋሂቡ።

ኣብ 2015 - 2016 ኣብ ምክልኻል ኣዝዕባ ምድረብዳ ዝወዕል 21 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ከምእተገብረ፡ ጸብጻብ ንጥፈታት ምክልኻል ኣዝዕባ የመልክት።

## ዙር ኤርትራ፡ ብዓወት ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ መጋረጃኡ ቀንጢጡ

ዙር ኤርትራ 2016፡ ትማሊ 16 ሚያዝያ ኣብ ዘቃኖ ብ'ፈንቅል ቻለንጅ' ዝጸዋዕ ካብ ፎሮ ተበጊሱ ኣብ ጊንዳዕ ዝተዛዘመ 1ይ መድረኹ፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምውጻእ ደሚቖም።

ተወዳደርቲ ኣብ ሰዓት 38.5 ኪሎ ሜተር እናተሓንበቡ ኣብ ከተማ ጊንዳዕ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ኣብ ዝረገጹሉ፡ ሚክኤል ሃብቶም ካብ ጋንታ ሳሊና፡ ኣድሓኖም ዞሚካኤል ካብ ጋንታ ጸጋዎት፡ ሚልዮን ኣማኑኤል ድማ ካብ ሃገራዊት ጋንታ፡ ካብ 1ይ ክሳብ 3ይ ደረጃ ክሕዙ እንከለዉ፡ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ርዋንዳ ጂን ክላውድ ድማ 4ይ ወጺኡ።

እዚ 113 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡ ብኣህጉራዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክሌታ (UCI) ናይ 1.2 ደረጃ ዝወሃቦ ኮይኑ፡ ሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዝተራእየሉን ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ብቕዓቶም ዘንጸባረቑሉን መድረኽ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ናይ'ዚ ዓመት ዙር ኤርትራ፡ ካብ ኤርትራ፡ ርዋንዳ፡ ሱዳን፡ ግብጺ፡ ኢጣልያን ጀርመንን ዝመጻ ልዕሊ 40 ተቐዳደምቲ ዝሓቖፋ ሃገራውያን ጋንታታን ክለባትን ይሳተፋ ኣለዋ።

( ዝርዝር ጸብጻብ ኣብ ገጽ 7 ረኣ)



ስ/ ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል

# ገጻት ሂወት



ሰራፌል ተስፋብሩኽ

## ጆርናል ኣብ ሳልሳይ ዓመት ፍቕርና (II)

05 ሕዳር 2012 | 2ይ ክፋል | 11:30 ድ.ቐ.



እዞም መተዓብይተይ ብዙሕ ዝፈልጡ ይመስሉ ኣለው። ኣነ ከኣ ንፍትወተይ ዘሎኒ እምነት ፍጹም ከጉድሎ ኣይደለኹን'የ። እዚ ዘረባ ኩሎም ጽቡቕ ገይሮም ዝዓማስዑዎ ይመስል። ሸቃ ነዛ ሓቂ ቶግ ኩብሳ'ዩ። "ንኣብኡትየ ዝብለካ..." ኢሉ ዝጀምረን ዘረባ፡ ክነግረካ ዘይግብኦ ሓቂ ኣሎወን። "ንኣብኡትየ ዝብለካ ... ንሳ ኣፍቃሪትካ'ያ ንበል..." ኢሉ ዘረባ ምስ ጀመረ ብሀንጡይኑትየ "ሕራይ ንበል" ዝበልኩዎ።

ናይ ሓባር ታሪኽ፡ ናይ ሓባር ሕሉፍ ዛንታ፡ እንተ ኣለካ ኩይኑ ድሕሪ ግዜ ተራኺብካ ዝፍጠር ነገራት ክትቅበሎ ቀሊል'ዩ። ኣቐዲምካ ዝነበርካዮ ስለ ዝኾነ ክትደግሞ ቀልጢፍካ ክትሰዓር ትኽእል ኢኻ። ናይ ሓባር ተመሳሳሊን ትፈልጦን ታሪኽ ናብኡ ከውድቐካ ጸገም የብሉን። ፍትወተይ ውዕይ ኢላ ምንባራ እፈልጦ'የ። ባህሪ እቲ ትነጥፈሉ ሞያ ተወሲኹዎ፡ ቀልጢፍካ ኣብ ልሳናት ብዙሓት ከም ትወድቕ ፍሉጥ ነበረ። ብወግዒ ከይተላለና እንከለና ብዙሕ ዕላላ ነይሩኒ። ግን ብባህረይ ባዕለይ ዘየረጋገጽኩዎ ምዕራፋት ህይወት ሰብ ከም ሓቂ ኣይቅበሎን'የ። ከምቲ ኣነ ኣብ ግዛውተይ ጋሻን ተጠሚቲን እንከለኹ ዝሕመየ ዝነበርኩ ሕማቕ ግዜ ክኸውን ይኽእል'ዩ' ብምባል ኣይኣመንኩዎን ዝነበርኩ። "ካብ ብጹታ ሓፍ ዝበለት መሸላ፡ ወይ ንዑፍ ወይ ንወንጭፍ፡" ዝብል ምስላ ኣቦታትና ኣሎ። ኣባና ዝውቱር ነገር'ዩ። ብመንፍዓተ፡ ጠባዩ፡ ኩታ ብገለ ሽንኹ ካብኻ ብርኽ ንዝበለ ሰብ ዘዮኽብር ሕማቕ ልምዲ ኣሎና። ፍትወተይ ከኣ ምስ ዝኾነ ሰብ ቀልጢፉ ክትሕወስ፡ ብስጹነት ኩተዕልል፡ ዝስምዓ ክትዛረብ እትኽእል ደፋርን ተራርን ምኳና ምስ ቀረብኩ'የ ፈሊጠያ። እዚ ባህሪ ካብ ኣብ ዙርያኣ ዝነበሩ ብጹታ ኣብሪኹ ከጠምታ ይኽእል ነይሩ። ስለዝኾነ፡ ወይ ንወንጭፍ ወይ ንዑፍ ከም ትኸውን ርዱእ'ዩ። እዚ መተዓብይተይ ብዙሕ ግዜ ምስኣ ይርኣ ምህላው ኣልዒሎም ዘለው ወዲ ኸኣ ካብዚ ግዜ ኣትሒዙ ዝፈልጣ መካይድታ'ዩ ነይሩ። እቲ ዝነበረ ህይወት፡ ናይ ንእስነት ዋዒ ነይሩዎ ይኸውን፣ ከምዚ ዓይነት ህይወት ከኣ ምስ ሓለፎ ዘይናናፍቕ የለን። ቡቲ ኢሉ ቡቲ ግን እቲ ሓቂ ካብ ሸቃ ክሰምዖ ጽን በልኩ።

"ንኣብኡትየ ዝብለካ... ፍቑራት ኢኹም ንበል።"

"'ሕራይ ንበል' ኢለካ እኳ'የ ሸቂየስ ቀጺል ኣጆኻ።"

"እንታይ ይመስለካ፡ እዚ ወዲን ካልኦትን ጀምዓኣ ነይሮም ምሽ። ንኣብኡትሲ ሓደ ካብ ሰልስተኦም ዓርካ ነይሩ ይኸውን ንበል።"

"ሰለስተኦም ማለት?"

"ንሱ፡ ሃብቶ፡ የማኑ ዋላ ኢሳቕ ኩሎም ብሓደ ምሽ ይኸዱ ነይሮም?"

ጠሙተኒ።

"እወ ተረዲኣካ። ግን ኣየናይ'ዩ ዓርካ ነይሩ?" ትኽ ኢለ ናብቲ ሓቂ ኢሉ ዝሓሰቦ ከእትዎ ደለኹ። ካብዞም መካይድታ ዝነበሩ ዝኾነ ፍቕራዊ ዝምድና ነይሩዋ ኢለ ኣይሓሰብኩን። ምኽንያቱ፡ ኩሉ ግዜ ብዝሓለፈ ህይወታ ዋላሓንቲ ጥርጣረ ንኽይህሉወኒ በብግዜኡ ተዕልለኒ ነይራ'ያ። ኣብቲ ግዜኡ ካብዞም ብጹታ ወጺኢ ዓርኪ ከም ዝነበራ ኣዕሊላትኒ እያ። ነዚ ዝምድናኣ ዘይፈልጥ ስለ ዘይነበረ፡ ካብዞም ሸቃ ዝብሎም ዘሎ ክተዓረረኻ ዝኽእል ኣይመስለኒን። ግን ናይ ግዜ ምቕዳምን ምድሓርን ካልእ ታሪኽ ክህሉ ይኽእል'ዩ።

"ኣንታ ዓርኩ... 'ሓደ ካብኦም ዓርካ ነይሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ' እዩ ዝብል ዘሎ ሸቃ። ዋላ ዓርካ ኣይነበር ግን ዘፍቅራ ነይሩ ይኸውን'ዩ።"

"እስከ ሸቃ ቀጽል፡ እዚኦም ትም ኢሎምዮም ዘረባ ዝጠዋውዩዎ።"

"እንታይ መስለካ... እዚ ሃብቶ ሕጂ ቅርብርብ እንተ በላ ንኢሳቕ ዓርኩምዩ ዝሳልጠሉ ዘሎ። ምኽንያቱ ኢሳቕ ይፈትዋ ነይሩ ይኸውን'ዩ። ምሽ ኣለካ ንኣብኡት ከምዚ ናይ ሎሚ 'መርዓ ብኮረስፖንደንስ' ገለ ይገብሩዎ ይህሉው እየም፡" እታ ትብሃል ሸቃ ተኩሳ። ፍትወተይ ምስ ኢሳቕ ክትምርያ ትሓስብ ኣላዩ እቲ ዘረባ። ኢሳቕ ከኣ ኣብ ወጻኢ ሃገር'ዩ ዘሎ። ጽቡቕ እምበር። ግደ ሓቂ ሰሓቕ መጽኣኒ። እቲ ሰሓቕ ግን ገለ ሕርቃን ነይሩዎ። መተዓቢተይ ግን ምሳይ ኣይሰሓቑን። ዓይኒ ዓይነይ ይርእዩኒ ነበሩ። ስምዒተይ ክቋጸጸር ነይሩኒ።

"ኣታ ነዚኣ ኢኹም ትም ኢልኩም ጥውይውይ ትብሉ። ነዚስ እንታይ ዘሕብእ ኣሎ? ከም ሓቂ ኣነ ዝፈልጦ ነገር የለን። ሓቅኹም ክትኩኑ ትኽእሉ ኢኹም፣ ጌጋ ግምት ሒዝኩምውን ትህሉው። ክሳዕ ሕጂ ኣየዕለለትኒን። ግን ኣይመስለኒን። ዓቢ ጉዳዩና ከየዕለለትኒ ትም ኣይምበለትን። እንተ ዘይነገረት ከኣ ህይወታ እንድዩ... ድላያ ክትገብር መን ይኽልክላ?" እንቅዓ ኣስተንፈስኩ። ኣርእስቲ ቀልጢፉ ስለ ዝተቐየረ፡ ኣዒንቲ መተዓብይተይ ካባይ ረሓቓ። እዚ ንእሽቶይ ሩፍታ ፈጠረለይ። ቃልሰይ ምስ ሓሳባት ውሽጠይ ጥራይ ኮነ።

ብፍትወተይ ተጠራጢረ ዘይፈልጥ ሎሚ ተጠራጢረ። ቀዳመ-ሰንበት ንዕረፍቲ ናብ ገዛይ ክኸይድ እንከለኹ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ፍትወተይ'ያ ትረኣየኒ። ስለዚ ገዛ ከይኣተኹ ንዓኣየ ዝርኣይ። ንሳውን ከም ወህብ ነገር ግዲ ወሲዳቶ ከይረኣኹዋ ገዛ እንተ ኣትየ፣ ወይ ደንጉየ እንተ መጺኣ ትኹሪ ነበረት። ቀዳምን ሰንበትን ዝበዝሐ ሰዓታት ብሓደ ኢና ነሕልፎ ዝነበርና። ኣብዘን ቀረባ መዓልታት ግን ምስ ሃብቶ ብዙሕ ግዜ ረኺበዮም ኣለኹ። ሓንቲ ካብዘን ኣብ ቀረባ ዝሓለፋ ቀዳመ ሰንበት ድንጉየ ቀይሕ መሬት ኣተኹ። "እዋይ ፍትወተይሲ ዓቕላ ኣጽቢባ ኣላ፡" እናበልኩ ካብ ኣውቶብስ ወረደ ናብ ገዛኣም ኣምራሕኩ። ከባቢ ሰዓት 7:00 ድ.ቐ. ኩይኑ ገዛ ኣይጸንሐትን። ዘይኣመላ! ባህ ኣይበለኒን። ቀሩብ ኣዕሊለ ወጺኤኩ። ካብ ካንሸሎኦም ቀሩብ ስጉም ምስ ኣበልኩ ምስ ሃብቶ ዘገም እናበሉ ክመጽኡ ጎፍ በሉኒ። ጽቡቕ ገይረ ሰላም ኢለዮም ናብ ገዛይ ኣምራሕኩ። ወልፈይ ስለ ዘየውጻእኩ ውሽጠይ ምርጋእ ኣብዩ። ግን ከኣ ክኹሪ ዘለኒ ኩይኑ ተሰሚዑኒ፡ ንጽብሓይቱ ናይ ምሽትየ ደሃያ ገይረ። ኣብ ገዛኦም ኮፍ ኢለ እናኣዕለልኩ ሕጂ'ውን ሃብቶ መጽአ። ኣብቲ ገዛ ዝነበረ ኣቃባብላኡን እቲ ዘረባን ኣቐዲሙ ዝተጀመረ ገለ ጉዳይ ከም ዘሎ ዘስምዕ'ዩ። ሽዑ ዝኾነ ሕማቕ ኣይሓሰብኩን። ሕጂ እዞም መተዓብተይ ዘልዓሉዎ ነገር ግን ክዘክሮ ኣገደደኒ። ንእሽቶይ ኩሓሰብ ስለ ዝነበረኒ ንመተዓብተይ ተሰናቢተ ናብ ገዛና ኣበልኩ።

ከም ኣመለይ ቅድም ንፍትወተይ ክርእይ ኣይበልኩን። ውሽጠይ ብእልቢ ዘይብሉ ሕቶታት እናተዋጠረ ክኸይድ ኣይክእልን'የ። ከምዚ ኢለ ናብ ገዛና ክኣቱውን ኣይደለኹን። ገዛና ናተይ ምምጻእ ክንዲ ምንታይ ህይወት ከም ዝዘርኣላ እፈልጥ'የ። እቶም ደድሕሪኣ እናኸዱ ዘየቡተኹዋ ሕስረት መከራ ይኣኽሉዋ። ምስጉዳመይን ምዕዛመይን ተወሲኺ ጸር ገዛና ክኸውን ኣይደለኹን። ቦርሳይ ብቐልዐ ገዛውትና ልኢኸ ናብ እምባ ደየብኩ። ኣብ እምባ ኩይነ ኣፍደገ ገዛ ፍትወተይ ጽቡቕ ገይረየ ዘማዕዱዎ። ኣብ ካንሸሎ ኩይና ትሓጽብ ነበረት። ቀዳም መዓልቲ ስለምንታይ ትሓጽብ ኣላ ጽቡቕ ገይረ ተረዲኣዮ ነበርኩ። ኣቦታ ኣነ ዝመጽኣላ ሰዓት'ያ ትሓጽብ ዝነበረት። ከም ኩዳን ምሕጻብን ንቡር ሕማም ኣዋልድን ገይሩ ዘጽልኣ ነገር የብላን። ኣብዘን ኢጋጣሚ እዚኣን ጠጥዕሙ እናዕለልኩ ኣኢጋራን ሕቖኣን እናማዝኩ ሕማቕ ኣልሚደየ።

ስለምንታይ ሓቅነቱ ብዘየረጋገጽኩዎ ዘረባ ዝተሓመስኩ? ክምልሶ ኣይክእልን'የ። ብርግጽ ኣፍቅራ'የ ማለት'ዩ። ክንድ'ዚ ዘሕመኒ ካብ ኮነ እንታይ ደኣ'ሞ? ኩሉ ግዜ ዓለማ ሃኒጻ ክትመጽእ፡ ኣነውን ዓለመይ ሃኒጸ ክቕረብ እሞ ናይ ክልተና ዓለማት ብዝተፈልጠ ስሕበት ተማእዚዘን ክኸዳ ከም ዝደሊ እነግራ ነበርኩ። ከምቲ ንዓይ ናጽነት ዝደልየኒ፡ ንዓኣ ከም ዝደሊያ ኣሚኑ እቲ ንዓኣ ዘሐጉሳ ክትገብር ኣይቃወምን። እዚ ነገርዶ ከምዚ ዘይተደልየኒ ሰብ ገይሩ ተረዲኡዋ ይኸውን ዝብል ሕቶ ኣዋጠረኒ። ኣረ እንታይ'ዩ ጸገመይ? ቅድም ንዓኣ ክሓታ ኣለኒ ዝብል ሓሳብ ስዒሩ ወጽኣ'ሞ ተለፎነይ ኣውጻእኩ። ሓዋዩ ተቐቢሉኒ። ናብ ፍትወተይ ከይዱ ከቕብላ እንከሎ እርእዮ ኣለኹ።

"ሃለው ምቅርቲ!" ካብ ንቡር ቋንቋይ ክወጽእ ኣይደለኹን። ግን ቶን ድምጸይ ዘይሕብኡ ሒዙ ከም ዘሎ ተፈሊጠኒ።

"ሃለው ፍትወይ! ድሓን ዲኻ? እንታይ ደኣ ኣይመጻእካን ዲኻ ትድውል?"

"መጺአ'ምበር፣ ግን ንእሽቶይ ዕዮ-ገዛ ኣላትኒ ቅድም ክውድኣ ኢለ።"

"ቀዳመ-ሰንበት ናይ ዕረፍቲ እምበር ናይ ስራሕ ግዜ ከም ዘይትገብሮ'ሞ እፈልጥ'የ። እንታይ'ዩ ዘለካ? ድምጺኻኮ ባህ ይብለኒ የለን፡ ኣብይ ኢኻ ዘለኻ?"

"ኣነውን ሽታኺ ባህ ይብለኒ የለን።"

"እንታይ እንታይ ሸቲተካ ኣታ ጀላዕ?"

"ኣይ ሳሙና፡ ኣይ ኣሞ፡ ኣይ በረኪና..." እናሰሓቐት ናብ ከባቢኣ ጠሙተት፣ ኣይነበርኩን። ካንሸሎ ወጺኣ ናብ ክልተኡ መኣዝን ጠሙተት፣ ሕጂ'ውን የለኹን። ሰሓቓ ዘይርድኣኒ ስምዒት ፈጠረለይ፣ ናፈቕኩዋ ኸኣ። ኩሉ ከሕመኒ ዝጸንሐ ሃደአ።

"ድሓንኮለል ኣይትብሊ ኣይትረኽበኒን ኢኺ።"

"ኣበይ ኣለኻ በጃኻ ንገረኒ።"

"ንድሕሬኺ'ሞ ጠምቲ... ንላዕሊ ናብ እምባ... ኣብታ ዓባይ ከውሒ...።"

"እንታይ ትገብር ኣለኻ?"

"እሓስብ!... ብኣኺ እሓስብ ኣለኹ።"

ዘረባ ኣይቀጸለትን። ተለፎን ዓጽያ ናብ ውሽጢ ገዛ ኣተወት። ኣይደንጎየትን ናብቲ ኣነ ዝነበርኩዎ መገዲ ተታሕሓዘቶ።

ሰላማዊ - ኣስመራ -


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፋሃ ተኽለማርያም
ቀ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ዋና/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቀ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይልኣብ


## "ቃንዛይሲ ህይወት ኣሎዎ'ምበኣር?"

14 መጋቢት 2016 | ፑሽኪን፡ 8:45 ድ.ቐ.

ዓሰርተ ግዜ ብዘዕባ ጽላለ ኣፍቃሪኣ እናመጽአት ክትነግረኒ እንከላ፡ "ፍቕሪ ዓቃል'ያ ኣጆኺ ተዓገሲ!" እብላ ነይረ። "እንተ ነፊዕኪ ከምቲ ትደልይዮ ወዲ ክትገብርዮ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ካብኡ ትብህግዮ ነገራት ኣይትጸበዩ። እቲ ዘድሊዮ እንታይ'ዩ እንተ ፈሊጥኪ ብዛዕባኡ ኣዕዚዙ ከም ዝሓስብ ግበርዮ፡" ክብላ እንከለኹ እንታይ ሓሰበየ ኣይፈልጥን። ግን ፍቕሪ፡ ብሓቂ ዓቃል'ያ። ኣዚያ ምጽማም ትደሊ። ትዕግስቲ ትደሊ። ብህይወተይ ደየ ዘጥምቶ ነይረ ኩይነ ኣይፈልጥን። ሰኣን ትዕግስቲ ሰብ ሃዲማትኒ፣ ንሳ ኸኣ ሰብ ስኢና። ሕጂ ክልተ ዝፋቐራ ልቢታት ሰኣን ትዕግስቲ፡ ሰኣን ንእሽቶይ ምጽማም ኣብ በበይነን ቀምሲለን "እህህህ...!" ክብላ ይውዕላ ኣለዋ። ነዚ ስለ ዝተራእየኒ ግዲ ኩይኑ "ንፍቕሪ ብዘይ ዓቕሊ ክትዕውተላ ኣይትኽእል ኢኻ። ሓቀኛ ኣፍቃሪት እንተ ኼንኪ ክትጽመምዮ ኣለኪ። ንፍቕርኺ ዘጥፍእኪዮ ድማ ኣይከጣዕሰኪን'ዩ። ሰኣን ንእሽቶይ ግዜ ምሃብ ልብኺ እንተ ዓሚጽኪዮ ግን ክትጠዓሲ ክትነብሪ ኢኺ፡" ክብላ ይዝከረኒ። ኣነ ከም ዝተዛረብኩዎ ዘይዝከረኒ፡ ንሳ ትዝክሮውን መሊኣ'ዩ።

ዳኖረይ፡ እዛ መሓዛይ ድራር ዓዲማትኒ'ያ ከይደ። ንሳን ኣፍቃሪኣን ብሓባር ዝመደብዎ መደብ'ዩ። እቲ ኩሉ ዝብላ ዝነበርኩ ከም ጥቕሲ ጽሒፉ ኣብ መንደቕ ለጢፉቶ ጸንሓትኒ። በብሓደ ኣንቢበዮ። ኣዒንተይ ንብዓት መሊኡ። "ክንድ'ዚ ቁምነገር'ምበኣር ኣሎኒ'ዩ፡" ኢለ ሓሰብ። እምበኣር እቲ ናተይ ቃንዛሲ ንኻልእ ሰብ ህይወት ይህቦ'ዩ።

ኣፍቃሪኣ፡ "ሳላኺ ዓባይ ሰብ ከሰብ፣ ኣመስግነካ ድማ፡" ኢሉ ሓንቲ ህያብ ሃበኒ። "እንታይ ገይረ... ካብ ህይወተይ ተማሂረ! ጥራይ እንድየ ኢለ፡" ኢለዮ። ነዛ ህያብ እናረኣኹ'የ ዘዕልለኪ ዘለኹ ዳኖረይ። ልበይ ኣብ ክልተ ተመቒሉ ኣሎ፣ ቡቲ ሓደ ወገን ሓዚኑ ቡቲ ሓደ ኸኣ ተሓጒሱ።

ሰለማዊ

## ኣብ ዘይናቱ




ዝተቼምጠዐ፡ ገና ዘይጠጠዐ

ዝተተኽለ፡ ገና ዘይፎኾኹ፡

እቲ ኣየጽልል፡ እቲ

ኣይስንከት።

ዝፎኾኹ፡ ግን ዘይፈረየ

ዘጕላዕልዐ፡ ግን ዘይተሰንከተ

እቲ ኣይስላዕ፡ እቲ

ኣይብላዕ።

ኩሉ ኮንቱ

ኣብ ዘይናቱ

***

ሜሪ ማና /ጥቅምቲ 2012/

## ሽባብ

ሃማመተኤ

## ገጻ ስነጥበብ

# “ኣብ ኣህጉራዊ ምርኢታትን ውድድራትን ቅብኣ ክሳተፍ ተስፋ ኣሎኒ”

## ቀባኢ ፍጹም ሰመረ

ቀባኢ ፍጹም ሰመረ ኣብ 1991'ዩ ኣብ ኢትዮጵያ (ኣዲስ ኣበባ) ተወሊዱ። መባእታን ማእከላይን ኣብ ቤ/ት ፍረ ሰላም፡ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ቤ/ት ባርካ ፡ ኣብ 2010 ድማ ኣብል መበል 24 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምኻን ንሳዋ ወሪዱ። ናብ ኮለጅ ዘኣቱ ነጥቢ ረኺቡ ኣብ ኮለጅ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ማይ-ነፍሒ ብኮምፒዩተር ኣፕሊኬሽን ናይ ሰለስተ ዓመት ትምህርቲ ድሕሪ ምክትታሉ ኣብ 2014 ብኣድቫንስድ ዲፕሎም ተመሪቑ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጋሻ ነፍሒ፡ ብሞያኡ ኣብ ምንጣፍ ይርከብ። ቀባኢ ፍጹም ናይ ሎሚ ዕዱም ጋሻ ሰንበት'ዩ ሰናይ ንባብ።

* ናብ'ዚ ናይ ቅብኣ ሞያ ክትኣቱ ጽልዋ ዘሕደረልካ ?

\- ኣነኳ ጽልዋ ዘይኮነ ተውህቦ'የ ዝብሎ። ኣብ መባእታ እናተመሃርኩ'የ ጀሚረዮ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ንወለደይ ሕብሪታት ከገዝኡለይ ይሓቶም ነይረ። ኣብ ቤ/ት ፍረ ሰላም ምስ ኣተኹ ናይ ቅብኣን ቅርጻን ትምህርቲ እትህበና ዝነበረት መምህር ዓወት ኣፈወርቂ ነቶም ጽቡቕ ድሌትን ዝንባለን ዝነበረና በይንና ቦታን ሰዓትን ፈልያ ትምህረና ነይራ። ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዘውድእ ማለት'ዩ። ሓጺርን ነዊሕን ግዜ ዘወስድ ኮርሳስት ብምሃብ ብተደጋጋሚ ኣመሪቓትና'ያ።

*ድሕሪኡኸ?

\- ኣብ 2008 ኣብ ‘ማሕበር ስነ-ጥበብ ምራራ’ ናይ ቅብኣ ትምህርቲ ወሲደ ። ካብ መሰረታዊ ስእሊ ክሳብ ቅብኣ ተማሂረ። ኣብ 2010 ድማ ኣብ ‘ትካል ስነ-ጥበብ ሳትረብ’ ብናይ ክልቲኡ ዝሰልጠንኩዎ ማለት'ዩ ብዲፕሎም ተመሪቐ። ድሕሪኡ ንሳዋ ወሪደ።

* ኣብ ሳዋኸ ከመይ ቀጺልካዮ?

\- ኣብኡ ሓደ ካብ'ቶም ናይ መዓስከር ቀባኣይ ኮይነ። ኣብኡ ብዙሕ ቅብኣን ዝተወሰነ ቅርጻን ሰሪሐ።

* እንታይ ዘንጸባርቕ'ዩ ነይሩ እቲ ቅብኣን ቅርጻን?

\- ንሓፈሻዊ ህይወት ተዓላሞን ዝተፈላለየ ንጥፈታቶምን ዘንጸባርቕ'ዩ ነይሩ።

* ትረኽበሉ ዝነበርካ ግብረ መልሲ?

\- ኣተባባዒ'ዩ ነይሩ። ናብ ሓደ ደረጃ መሰጋገሪ ባይታ ወይ ድልድል ኮይኑኒ ።

* እኹል ግዜ'ዶ ትረኽበሉ ነይርካ?

\- እወ። ድሕሪ ታዕሊምን ትምህርቲን ኣብ ዝነበረ ናጻ ግዜ ናይ መዓስከር ቀባእቲ ተባሂልና ብጉጅለ ተጠርኒፍና ንነጥፍ ነይርና።

* ጥርናፈኹም እንታይ ረብሓ ረኺብኩምሉ?

\- ኩሉ ግዜ ብጥርኑፍ ክትሰርሕ ከሎኻ ካብ ነንሓድሕድኻ ብዙሕ ተሞክሮታት ኢኻ ትለዋወጥ። ካብ ሓደ ርእሲ ክልተ ካብ ክልተ'ውን ሰለስተ ከምኡ እናበልካ እንድዩ እቲ ዕብየት ዝመጽእ። ንሕና ከኣ ኣብ ነሓድሕድና ዝነበረ ተሞክሮን ክእለትን ክንለዋወጥ ዕድል ረኺብና።

* ክንደይ ትኾኑ ነይርኩም?

\- 20 ንኸውን ኢና።

*ድሕሪኡ ናበይ ኣበልካ?


\- ድሕሪኡ ናብ ኮለጅ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ማይ-ነፍሒ ኣትየ። ኮምፒዩተር ኣፕሊኬሽን ከጽንዕ ጀሚረ።

* ብኸመይ ኢኻ ነዚ ዓውዲ መሪጽካዮ?

\- እዚ ዘሎናዮ መዋእል ቴክኖሎጂ ከም ምኳኑ መጠን፡ ኮምፒዩተር ከኣ ጸላዊት ክትከውን ግድን እንድዩ ፡ ብዓቢኡ'ውን ምስ ቅብኣ ምትእስሳር ስለ ዘለዋ ከይኮነ ኣይተርፍን።

* ነዚ ናይ ቅብኣ ሞያ ምስ ትምህርቲ ብኸመይ ተወሃህዶ ወይ ተረኻኽበሉ ነይርካ?

\- ካብ ትምህርቲ ናጻ ኣብ ዝኾነሉ ካብ ማይ ነፍሒ ናብ ኣስመራ



እናተመላለስኩ'የ ዝሰርሕ ነይረ።

* ኣብ'ቲ እዋንቲ ዘቕረብካዮ ኤግዚቢሽን ነይሩዶ?

\- እወ። ክሳብ ሰለስተ ግዜ ዝኸውን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤግዚቢሽን ኣቕሪበ። ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ድሕሪ 2013 ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ሓሙሽተ ግዜ ኤግዚቢሽን ኣቕሪበ። ብድምርሲ ሸሞንተ ግዜ ዝኸውን ስርሓተይ ንምርኢት ኣቕሪበ።



* እቲ ኤግዚቢሽን በይንኻ ዲኻ ወይስ ብጉጅለ ዘቕርብ'ዩ።

\- ዳርጋ ዝበዝሐ ብጉጅለ እንድዩ ምስ'ታ ኣብ 2011 ዝተመስረተት ሓንቲ ጓለንስተይቲ እትርከበና ሸዱሽተ ኣባላት ዘለዋ “ኤግል ኣርት ግሩፕ” ዝተባህለት ኣብ ቅብኣ ናይ እትነጥፍ ጉጅለ ኣባል'የ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከኣ ብሓባር ኤግዚቢሽን ኣቕሪብና ኣሎና።



* ኣብ'ዛ ጉጅለ ምጥርናፍ እንታይ'ዩ ረብሓኡ?

\- ገለ ካብ'ቲ ረብሓኡ ተሞክሮታትናን ክእለታትናን ንለዋወጥ። ምኽንያቱ ኩልና ነናይ ገዛእ ርእስና ቅዲታት'ዩ ዘሎና። ብሕጂ'ውን እናተመላላእናን እናተሓጋገዝናን ብዓይነቱን ዓቐኑን ፍሉይ ኤግዚቢሽን ንኸነቕርብ መደብ ኣሎና።

* ኣብ ቅርጻኸ ከመይ ኢኻ?

\- ቅርጻ ከም ትምህርቲ ቀሲመዮ ነይረ'የ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግና ኣይሰርሓሉን'የ ዘለኹ። ኣብ መጻኢ ግና ጎኒ ጎኒ ቅብኣ ክሰርሓሉ መደብ ኣሎኒ።

* ኣብ ቅብኣ ተዘውትሮ ቅዲ ?

\- ኣብ ሪያሊዝምን ሱሪያሊዝምን ዝበሃል ቅዲ ቅብኣ'የ ዝነጥፍ። ምኽንያቱ ኣነ ኣብ ክውንነት ስለ ዝግደስ'የ ኣብ'ዚ ቅዲታት ኣተኩረ። በዚ ቅዲ'ዚ ከኣ ባህሊን መነባብሮን ሕብረተሰብና ከንጸባርቕ እፍትን። ምኽንያቱ ኣነ ንገዛእ ርእሰይ ነጸብራቕን ውጽኢትን ሕብረተሰብ ስለ ዝኾንኩ።

* ካብ'ዘን ቅብኣታትካ ፍሉይ ኣድናቖት ዝረኸብካላ ኣየነይቲ'ያ?

\- ኣብ 2013 ዝቐባእኩዋ'ሞ ኣብ ኣስመራ ኣርት ጋለሪ ንምርኢት ዘቕረብኩዋ “ፍቕሪን ሰላምን” ዘርእስታ ኮይና፡ እዛ ቅብኣ ኣብ 2014'ውን ኣብ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋ ምስ ኣቕረብኩዋ ቀዳመይቲ ኮይና ዝተዓወተት'ያ።

* እስከ ብዛዕባ'ዛ ቅብኣ ቁሩብ ኣዕልለና?

\- ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታትና ዘሎ ሓድነትን ምክብባርን እተንጸባርቕ'ያ። እተን ኣብያተ መቕደስ ብቕርጺ ክቢ ዝተሳእላ'የን። ኣብ ሕብረተሰብና ቅርጺ ክቢ ዓቢ ትርጉም'ዩ ዘለዎ። ንኣብነት ክንስዕስዕ ከሎና ብክቢ'ዩ፡ መኣዲ ክንቕረብ ከሎና ብክቢ'ዩ፡ ንባዕላ እታ መብልዒ እንጌራ'ውን ክብ'ያ፡ ቅርጺ ናይ ቃልኪዳን'ውን ክቢ'ዩ። ብሓጺሩ ክቢ ምልክት ሓድነት፡ ፍቕርን ምውህሃድን ስለ ዝኾነ'የ ብኸምዚ ቅዲ ክቐብአን ተደሪኸ።

* ዛጊት ንሸልማት ዘበቕዓ ቅብኣታትካ?

\-ኣብ 2010 ኣብ ኣክስፖ ኣብ መንጎ ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ዝተኻየደ ውድድር 2ይ ኮይነ፡ ኣብ 2014 ኣብ ዝተኻየደ ፈስቲቫል ኮለጃት1ይ፡ ኣብ 2014 ኣብ ሳዋ ኣብ ዝተኻየደ ፈስቲቫል መንእሰያት 1ይ፡ኣብ 2015 ከኣ ኣብ ኤምባሲ ኣሜሪካ ኣብዝተኻየደ ውድድር ቅብኣ 3ይ ኮይነ ተዓዊተ። ብዘይካ'ዚ ድማ ኣብ 2015 ሓንቲ ካብ ቅብኣታተይ ኣብዓውደ (ካላንደር) ኤውሮጳዊ ሕብረት ምስ'ተን 12 ምሩጻት ቅብኣ ኮይና።

* ዓሚ ብሓልዮት ኤምባሲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተዳለወ ናይ ቅብኣ ፕሮጀክት'ውን ተሳቲፍካ ነይርካ. .

\- እወ 15 ቀባእቲን 4 ዲዛይነራትን ኢና ተሳቲፍና። ነቲ መደብ ዝመርሐት ደቡብ ኣፍሪቃዊት ዲዛይነር ናድያ ሚር'ያ። ንሕና ኣብ'ቲ ዝተዋህበና ክዳውንቲ፡ንመነባብሮን ባህሊን ሃገርና ዘንጸባርቕ ቀቢእና። ብወገን ተዓዘብ'ቲ ከኣ ዓቢ ኣድናቖት'ዩ ረኺብና። ብዙሓት ‘ብማሽን'ምበር ብኢድ ዝተቐብአ ኣይመስልን'ኢሎምና። ኣብ መወዳእታ ናይ ተሳትፎ ወረቐት ምስክር ተዓዲልና። እዚ ንዓይ ኣብ ክዳን ቀቢእካ ንምርኢት ምቕራብ ናይ መጀመርታ ተሞክሮይ'ዩ ነይሩ።

* ቅድም ዝቐባእካዮ ተመሊስካ ክትርእዮ ከሎኻ እንታይ ስምዒት ይፈጥረልካ?

\- ብባህረይ ሎሚ እንተድኣ ሓዳስ ቅብኣ ሰሪሐ ፡ ቅድሚኡ ዘዳለኹዋ ቅብኣ ኣይዓግበላን'የ። ዕጋበትሲ የብለይን።

* ኣቓዲምካ ብዘዳለኻዮ ቅብኣስ ፍጹም ኣይትዓግብን ኢኻ ማለት'ዩ?

\- እወ!ምኽንያቱ ሓድሽ ሓድሽ ከዳሉ'የ ዝደሊ።

* ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ንኽትበጽሕ ኣበርክቶ ዝገበሩ ትብሎም?

\- ብዙሓት'የም። ወለደይ መምህራነይ፡ ኣዕሩኽተይ፡ መሳርሕተይን ካልኦትን'የም።

* እንታይ ረብሓ ትረኽበሉ እዚ ሞያ?


\- እቲ ረብሓ ብዓይኒ ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብወገን ተዓዘብቲ ዝረኽቦ ኣድናቖትን ምትብባዕን ንገዛእ ርእሱ ዓቢ መኽሰብ'ዩ።


* ነዚ ናይ ቅብኣ ሞያ ዝያዳ ንኸተዕቢ እተካይዶ ጻዕሪ?

\- ቀጻሊ ኣብ ስራሕ'የ ዘለኹ። ብተደጋጋሚ ኤግዚቢሽን ኣብ ምቕራብ ኣለኹ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ከይተሓጸርኩ ኣብ ወጻኢ'ውን ኣብ ኣህጉራዊ ምርኢትን ውድድራትንቅብኣ ተሳቲፈ ክዕወት ተስፋ ኣሎኒ።

*ነመስግነካ ስነ ጥበበኛ ፍጹም ኣብ'ዚ ዓውዲ ኣብ እተካይዶ ጻዕሪ ዓወት ንምነየልካ የቐንየልና።

\- ኣነ'ውን ብዙሕ ኣመስግን!





# ሜላዊት

ብትዕግስቲ መንግስቲ

## 2ይ ክፋል

"ይኣምነለይ ሚመይ። እዚ ትጉብርለይ ዘለኺ ውዕለት'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ሓደ መዓልቲ ኣደይ መለኡለይ ይኽሕሰኪ ይኸውን።" ኣቓልቦኣ ሰለቡዋ ምህላዉ ስለ ዘረጋገጸ ኩርዓት ተሰምዖ።

"ቃኢለይ ከይጸልኣካ" ኑቲ በሪሁ ዝጸንሐ ገጻ እሰርሰር ኣበሉቶ። ቅልጥፍ ኢላ ክትከውርን ክትሰሕቐን ኣይእምማን እዩ። ብሰንኪ ብምሕር ቀበጥበጥ ምዕባያ፡ ኩሉ ድልየታታ ግድን ክትረኽቦ'ያ ትህንጡ። እዚ ድማ'ዩ ምስ ብዙሓት ሰባት ዘየሰማምዓ። ዋላ'ኳ ዕድመኣ ናብ ኣደኑት እንተበጽሐ፡ ባህርያታ ግን ዕሽላዊ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን ሰሓቕን ግርህነትን እዮም መለለዩኣ።

"ኣነ ኣቦኻ ፍቕሪ'ምበር ካልእ ካሕሳ ኣይደልን እየ። ልብኻ ከፊትካ ንዘልኣለም ኣዕረፍኪ ደቅሰሉ እንተኢልካኒ፡ ልዕሊኡ እንታይ ካሕሳ ኣድልየኒ። እንተተፈሊኻኒ'ዩ ካልእ ካሕሳ ዘድልየኒ።" ኣዘራርባኣ ቅጭ ኣምጽኣሉ።

"ከመይ ዝበልዋ ደንቆሮ'ያ ደቀይ!? ብገዛእ ብ ጌራ ፍቕሪ ክትሸምት ትሓስብ ኣላ?" ብውሽጡ ዝበሎ'ዩ።

***

"ኣዚኺ ተደንግጺ ፍጥረት ኢኺ።"

"መን ምኽንካ ግና ከይፈለጥኩኻ ከለኹ ስለ ዝደንገጽካለይ፡ ደላዩ ጸቡቐይ ምኽንካ ክርዳእ ክኢለ ኣለኹ።" ብሳልስቱ'ዩ ናይ ጎደና ቴለፎናት እናቀያየረ ተኸሸ ኩብላ ቀንዩ።

"መንኩተይ እሞ፡ ቅድሚ መቐበሊ ቴለፎንኪ ምጥዋቕኪ ፈሊጥክዮ ኣለኹ።"

"ኣበይሉካ?"

"ንጹር ትግርኛ እየ ዝዛረብ ዘለኹ። እዛ ዝድውለላ ዘለኹ ቴለፎን'ሞ ርኣዩ። ኣብ'ቲ ትካበርሉ ከባቢ እያ ተተኺላ ዘላ መሰለኒ። ኣነ'ውን ኣብኡ እየ ዝነብር።"

"ብዘየኮነ እንታይ እዩ መደወሊኻ?" ኪኖኡ ግዜ ምዛቡ ፍኹሶት ኩይኑ ተሰምዖ።

"ጸቡቕ ናትኪ'የ ዝደሊ።"

"ንጹር መንኩትካ ክሳብ ዘይፈለጥኩ ግን ንጸቡቐይ ምሕሳብካ ከረጋግጽ ኣይክእልን እየ።"

"ብዛዕባ ዝሀበኪ ሓበሬታ'ምበር ብዛዕባ መንኩተይ ዘገድሰኪ ኩይኑ ስለ ዘይተሰምዓኒ መንኩተይ ምሕታት ግደፍዮ።"

"መንኩትካ ክትነግረኒ ፍቓደኛ ዘይኮንካስ ዘገድሰኒ ሓበሬታ ክትህበኒ ፍቓደኛ ኴንካ?"

"ጸን ኢልኪ ጥራይ ስምዕኒ። ንስኺ ጥዕይቲ ሰብ ኢኺ። እዚ ምሳኺ ለገቡ ዘሎ ቁርዲድ ግን ደምኪ መጸዩ ከይወድኦ እንተርሓቐክዮ ይሓይሽ።"

"ዝሕሸኝን ዘይሕሸኝን ልዕሌኻ ባዕለይ እንድየ ዝፈልጦ። ቁርዲድ ምባልካ ግን ኣገሪሙኒ።" ናይ ጥሜ ሰሓቐት።

"ብኸመይ?"

ኣብ መንጎ ካርድ ስለ ዝተወድኣቶ ቴለፎን ተዓጽወት። ሜላዊት ዋላ'ኳ ጸርፌ ከተዘንበሉ ሓሲባ እንተነበረት፡ ቴለፎን ምስ ተዓጽወት ግን ኣዕሚጃ ኣስተንፈሰት።

***

"ኣፍቅራ እየ። ብፍጹም ካብኣ ተፈልየ ክነብር ኣይደልን'የ።" ብስምዒት ነደረ።

"እሞ ንሓዲኣን ምረጽ። ፍቕሪ'ኳ ብሽክለታ ኣይኮነን ብኽልተ መንኮርኮር ክኸዓዝ። ጸባሕ እንተፈሊጠናኻ ጃላ ክትተርፍ ኢኻ።" ትርር ኢሉ ገንሖ።

ኣቤል፡ ብርግጽ ምስ ሜላዊት ብቐለሉ ዘይንቕንቕ ፍቕሪ'ዩ ዘለዎ። ምስ ሚልታ ድማ ልዕሊ ዓቐን ናይ ገዝባ ፍቕሪ ኣለዎ። ክሳብ ሕጂ ንኽልቲኤ ብምስጢር ከኪይዶጸኒሑ። ሕጂ ግን እንታይ ከምዘውሰን ጠፊኡዎ። ገዛእበን ፍቕርን ጨፍሊቖም ክቐትልዎ ደልዮም።"

"ቃኢል ዓርከይ፡ እሞ ንሜላዊት ዘይትገድፋ።"

"ኣቤል ይርድኣካ ኣሎ ድዩ? ግና ተማሂሮ ከለና ዝጀመርናዮ ፍቕሪ፡ ሕጂ ከመይ ጌረ ካብ ልበይ መዚሐ ከውጽኦ ትጽበየኒ?"

"ግድን ንሓዲኣን ክትመርጽ ስለ ዘለካ'ዩ።"

"ንሜላዊት እየ ዝመርጽ። እቲኣ ዋላ ተጸሊላ ኣብ ጎደና ኮለል ትብል። ካብ ኩሉ ግና. . . " ዘረባኡ ኣንጠልጠሉ ገደፎ።

"ቀጽል'ባ።"

"እታ ትካን ሰራሕተኛን ዘይብላ ፋብሪካይ ግን ክትዕጸወኒ'ያ ማለት'ዩ።"

"በቃ'ሞ ከም ቀደምካ ከም ሸጣራኻ ምስ ክልቲኤን ቀጽል።" ኣቤል በቲ ባዕሉ ዝተዛረቦ ዘረባ ካርካር ኢሉ ሰሓቐ።

"ደሓን ተላገጽ።"

***

ወርሒ ካብ መጠን ንላዕሊ ደሚቓ ብምንባራ ተወናኺ መብራህቲ ዘድሊ ኣይነበረን። ብዓቢኡ'ውን መብራህቲ ስለ ዘይነበረ፡ ወርሒ ድምቀታ ከተርኢ ተወናኺ ዕድል'ያ ረኺባ።

ሃብቶም ኣብ'ታ ኣብ ቀዳማይ ደርቢ እትርከብ ገዝኡ ኩይኑ'ዩ ኑቲ ሃዋህው ዘስተማቕር ኔሩ። ዝጠዝሐ ግዜ ብዩኑ ምኽንያቱ ዝበርሆ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ለይቲ መስተ ሐዙ ምምሳይ ኣገዳሲ'ዩ ዝበርሆ። ከም ኣመሉ መስተኡን ሽጋራኡን እናስተማቐረ፡ ምስሊ ናይታ ብሓይሊ ናብ ውሽጡ ፎግራ ክትኣቱ ዝጀመረት ሜላዊት ቅጅል በሎ። ብዩኑ ኣብ ዝዘናግዓሉ እዋን፡ ብዙሓት ንምጥሚ መበገሲ ዝኾኑንዎ ሓሳባት እዮም ዝመጽእዎ። ኣብ'ታ ምሸት ግን ምስሊ ሜላዊት'ዩ ንሓሳባት ተኪኡ ክመላለሶ ኣምሰዩ።

"እዋእ. . .ኣፍቂረያ ማለት ድዩ?" ንሕቡሱ ሓተታ። "ኖ ዘይከውን። ኣነዶ ኣፍቅር እየ?" ኑቲ ውሽጡ ዝሃቦ መልሲ ብሓይሊ ነጸጎ። ዋላ'ኳ መውዳእታ ሰላሳታት ረጊጹ እንተዛለወ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ብዙሕ ክብሪ የብሉን። ፍቕሪ ከም ንፋዮ ዝሓለፈ ኩይኑ'ዩ ዝሰምዖ። ብዛዕባ ሓዳር'ውን ዝበጽሐ መደምደምታ የብሉን። ካብ'ታ ንሜላዊት ዝርኣየላ ምሸት ንደሓር ግን ኣብ ውሽጡ ሓድሽ ስምዒት እናመጽኦ ከሸግሮ ጀሚሩ'ዩ። ኣዒንቱ ንሊዩሊዩ ቁመናኣ ኣእዛኑ ድማ ኑቲ ጥዑም ድምጻ ክሰምዑ ስለ ዝናፈቑ ንኽድውለላ ደፋፍእዎ።

"ሄለው መን ክብል?"

ሜላዊት ኣብ ድቃስ

ከም ዘላ ዝሕብር

ድ ም ጺ

ጌ ራ



ተቐበሉቶ።

"ድሮ ቁጽሪ ቴለፎነይ ረሲዕኪዮ?"

ብምድዋሉ ተጣዕሰ። ንሳ ግን ባዕጊጋ ስለ ዝነበረት'ምበር ቁጽሪ ሞባይሉስ ኣይደምሰሰትን። ቴለፎና ካብ እዝና ኣልጊሳ ስም ደዋሊ ምስ ርኣየት፡ ብሕፍረትን ስክፍታን ኣብ ጸፍራ ክትኣቱ ደለየት።

"ሶራ ደቂሰ ስለ ዝጸናሕኩ እንደየ ስም ከይርኣኹ ተቐቢለያ። ከመይ ኣምሲኻ ሃብቶማ?" ለይቲ ምድሪ ምድዋሉ ሻቕሎት ፈጠረላ።

"እሞ ካብ ድቃስኪ እየ ኣተንሲአኪ።"

"ጸገም የለን።"

"እሞ እንተኾይኑልኪ ደኣ ንገዛ ዘይትመጽኒ ሕጂ።" ኑቲ ኣብ ውሽጡ ኩይኑ ዝርብሖ ዝነበረ ስምዒት ከገልጸላ ምሕር ሃረፈ።

"ሕጂ!?" ኣዝዩ ሰንበደት።

"ማኪና ሐዘ ክመጽእ እየ'ሞ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ምስ በጽሕኩ ሚስ ኮል ክገብረልኪ'የ ቀልጢፍኪ ትወጽኢ።" ብቕልጡፍ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ቴለፎን ዓጸዋ።

***

ምስሊ ክልተ ቈናጁ ወይዘራዝር ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ተመላለሶ። ሃብቲዶ ፍቕሪ ንመን ከቐድም ከም ዘለዎ መልሲ ስኢኑሉ'ዩ ቀንዩ። ሜላዊት ማዕረ ሚልታ ፍቕሪ ከምዘይትልግሰሉ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ንመሻን ከም ዝመርጽ ደኣ'ዩ ዘይወሰነ'ምበር፡ ሓንቲኣን ክመርጽ ከምዝለዎስ ደምዲምዎ እዩ። "መሻን ትጽብቐ? መን ተሰፋ ትህበኒ?" ትብል ናይ ኣርን ደርፊ፡ ደጋጊሙ ኣብ ቴለፎኑ ስለ ዝሰምዓ ንዕኡ ዝተደርፈት ኩይና'ያ ትሰምዖ።

***

"ወርሒ ኣብ'ዛ ንኩበረላ ምድሪ ንግስነታ ኣዊጃ ንኹሎም ፍጡራት ተቐጻጺራቶም ኣላ። ሜላዊት ልክዕ ከም ስምኪ ኣዚኺ ፍልይቲ ጓለንስተይቲ ኢኺ። ልክዕ ከም'ዛ ወርሒ ንህይወትኪ ብርሃን እናዓደልኪ እዚ ማራኺ ቅርጺ ኣካላትኪ ክቀጻጸሮ'ባ ፍቓድለይ" ብዘይካ'ታ ድምቕቲ ወርሒ ካልእ ፍጡር ኣብ ዘይብሉም፡ ናይ ውሽጡ ኣንተጎላ። ሜላዊት ኩሉ'ቲ ሃዋህው ኣዝዩ ባህታ ፈጢሩላ ነበረ። ኣገላልጻኡ ይኹን ምንቅስቓሱ፡ ፊልም ትዕዘብ ዘላ ኩይኑ ይስመዓ ነበረ። እቲ ዘቐረበላ ሕቶ ፍቕሪ ግን ዘይሰነር ድልድል ኮና።

ብ ቐ ጥ ታ ድማ መሰታኣን ቦኽሪ ኣፍቃሪኣን ቃኢል ቅጅል በላ። ናይ ሓንቲ ውዕይቲ መማህርታ ዘረባ ድማ ኣብ ኣእዛና ቃጨለ። "ንሓዳር ትመርጾ ወዲ ኩሉ ግዜ ብዕድመ ፍልይ ኩበለካ ኣለዎ። መሰታኻ እንተኾይኑ ግን ግና ንሱ ንእስኩ ከይወድኣ እታ ጓል ዓባይ ክትብሃል ኢያ። ከም ገለ እንተተፈላልየም ድማ ንሳ ካልእ መጻምድቲ ክትረክብ ዘሎ ተኽእሎ ውሑድ እዩ። ዋላ ቀጻልኑት ሓዳሮም'ውን ኣጠራጣሪ እዩ" ዝረባ ጓል መማህርታ ኣቓልቦ ሂቡዩ ዘይትፈልጥ እኳ እንተኾነት፡ ምስ ግዜ ግን ንቃኢል ከተስተብህለሉ ጀመረት። ምስ ግዜ ንሳ ኣብ ነገራት ዘለዋ ኣረኣእያ እናተቐየረ ክመጽእ ከሎ፡ ቃኢል ግን ፈልከት ኣይብለን። ፈቓዶ ለይታዊ ትልሂት ኮለል ኩበላ ሓዲሩ፡ ናብ ሆቴል ይወስዳ'ሞ፡ ንገዛ ድማ ኣቐሪሱ ይሰዳ። ንሳ ግን ድልየታ ንሱ ኣይኮነን። ሰብ ዘዛርብ ዳስ ተኺሉ ኣነ ዝበለ ሓዳር ክትምስርት'ዩ ባህጋ። ቃኢል ግን ንሓዳር ግዜ ሂቡ ሓሰቡሉ ኣይፈልጥን እዩ።

"እሂ ሜላዊት፡ ተጋጊየ ድየ?" ሃብቶም ስክፍታ እናተሰምዖ ሓተታ።

"ኣይተጋገኻን።" ትሕት ኢላ መለሰትሉ። እንታይ ኢላ ከም ትምልሰሉ ኣይፈለጠትን። ውሽጣ ግን 'ቅድሚ ሓቀኛ ፍቕሪ ንስራሕኪ ኣቐድሚ። ፍቕሪ ቀስ ኢሉ ብምልምማድ ክመጽእ ይኽእል እዩ' እዩ ዝብላ ኔሩ።

"እሞ እንታይ ደኣ ትም ኢልኪ?"

"ኣብ ዘይተጸበኽዎ ግዜን ቦታን ስለ ዝኾነኒ እዩ።" ኣጻብዕታ ቁራዕራዕ ኣበሉቶ። "ስለ ፍቕሪዶ ክሰዋእ ዋላስ ረቡሓይ ከቐድም? ሮምዮን ጁልየትንስ ብሓቂዶ ንስለ ፍቕሪ ተሰዊኦም ይኾኑ? ቃኢልከ ኣነ እንተተሰዋእኩሉ ንሱኸ መሰዋእቲ ክኸፍለለይ ድሉውዶ ይኸውን?" ንሕቡኣ ብሕቶ ኣዋጠረታ።

"ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። ሓቀኛ ስምዒተይ ክገልጸልኪ ስለ ዝደለኹ'የ ነጊረኪ። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ልዕሌኺ ዘለኒ ኣረኣእያ ክትፈልጥዮ ስለ ዝደሊ። ግዜ ክህበኪ'የ፡ ቀስ ኢልኪ ሓሲብኪ ትነግርኒ።" ገጹ ዝያዳ ካልእ ግዜ ኣዕተቦ። ዋላ'ኳ ንሃብቶም ብዘየኮነ ተኣምር ክትትሰሮ ዘይትደሊ እንተኾነት፡ ሃንደበት ሕቶኡ ግን ዓቕላ ኣጸበቦ።

"ቃኢል ዘይትተርፍ ቀብሪ ስለ ዝረኸበ፡ ከም ዘይመጽእ ብቴለፎን ሓቢሩና'ሎ። ንቦታኡ ብኻልእ ተኪእና ኢና ነታ ስቴፕ ክንሕዞ።" ጠርናፊ ናይ'ታ ጉጅለ ትልሂት ዝኾነ በረኸት ኣብ ቅድሚኦም ደው ኢሉ ተዛረቦም። ሜላዊት በቲ ዝሰምዓቶ ብምስንባድ፡ "ስለምንታይ ደኣ ንዓይ ዘይነገረኒ?" በለት ብውሽጣ። ኩሉ ግዜ ተብርህዋ ትሰርሕ ከም ዘይነበረት፡ ኣብ ሸዑ በጺሑ እቲ ከም ፕላስቲክ ዝተዓጸጸፍ ኑቡ፡ ከም ዕንጨይቲ ደረቐ።

"ሜላዊት እንታይ ትጉብሪ ኣለኺ።" ንብዩና ክትሰርሕ ዝርኣያ በረኸት፡ ንስማ ዓው ኢሉ ጸውዖ። ዋላ'ኳ ከተመሓይሽ እንተፈተነት፡ ምስ መሳዕስዕታ ክትሰምር ግን ኣይክኣለትን።

"ሜላዊት ንዲ እስከ ውጽኢ።" ደርፌ ምስ ተወድኣት፡ ኑቶም ሳዕሳዕቲ "መጻኹ" ኢልዎም፡ ንሜላዊት ሐዚዋ ንደገ ወጽኣ።

"እንታይ ኴንኪ ኣለኺ?"

"እንታይዶ ኮይነ እየ?"

"ዝኾንክዮ'ሞ ኣነ እንታይ ፈሊጠ፡ ከም ቀደምኪ የለኽን ይብለኪ ኣለኹ። ዘጋጠመ ጸገም እንተሃልዩ ከኣ ንገርኒ፡ ብሓባር ኴንና ፍታሕ ኳ'ናድየለ።"

"ዋላ ሓንቲ ጸገም የብለይን። ግን ከዐርፍ ደልየ ኣለኹ።"

"ከይጥዓኻ ዝሰራሕ ሰራሕ'ኳ የለን። ኪዲ ኣዕርፊ። ጽባሕ ግን ኣብ ሰዓትኪ ምጽኢ።"

"ሕራይ።" ጉልዕጽዕጽ እናበለት ናብ መቐየሪ ክፍሊ ገጻ ተበገሰት። ቦርሳኣ ኣልዒላ ካብ'ቲ ንዓመታት ዝሰርሓትሉ ኣደራሽ ክትወጽእ ከላ፡ ክትምለሶ ድያ ኣይትምለሶን'ውን ኣብ ምልክት ሕቶ'ዩ ኔሩ።

መገዲ ገዛኣ ከይሓዘት ከላ፡ ኣብ ውሽጢ ቦርሳኣ ኮይና ትጽውዕ ዝነበረት ሞባይላ ኣቓልቦኣ ገዝኣቶ። ደዋላይ ክትፈልጥ ተሃንጥያ ተዓዘበታ። እቲ ብቴለፎን ናይ ጎደና ክድውለላ ዝቖየ እዩ። "እዚኺ እንታይ ገበርኩዎ'ዩ ዝርብሽኒ? ክዓጽዎዶ?" ተጠራጠረት። ዓጽያ ናብ ቦርሳኣ እናእተወታ እንከላ ካልኣይ ግዜ ተደወለ። ሓንሳብ እንተንቂዱ ከምዘይገድፋ ስለ ትፈልጦ፡ ትቕብል ኣቢላ፡ "እሂ እንታይ ኴንካ?" በለቶ ግርጭ ኢላ።

ይቕጽል. .

## ቕያኖ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

# ቅጥኒ ዝብልዎ ጸላእኩ

ከም ኣርኑብ(ማንቲለ ንምባል'የ ዝኸውን) ምቕጣን ዝፈቱ የልቦን ይብሃል። ነገር ጸውጸዋይ ድኣሉ ዝኸውን'ምበር፡ ምሸት ክትድቕስን ንጉሆ ክትንስእን ንመዓንጣኣ ብልሕጺ ትዕቅኖ ይብልዋ። ምሸት ዝበልዓቶ መታሕዞ ወሲኺሉ ከይሓደር ሕጻውጽ ካብ ዝበሃል ገረብ ጅኣዕ (ጹማቑ) ትሰቲ። ዝያዳ ንዘበረ መግቢ ከኣ ጉጻጉጹ ይወስደላ። ከምቲ ዝዕለል ኣብ ማናቲለ ኣይታት'የን ንተባዕትዮ ደቀን ዝኾና ኣንስትዮ ዝመርጻ። ተባዕትዮ ንመርዓ ዝኸውን ሰር ወዲ ሰር ክኣኻኽቡ እንክለው ኣይታቶም ድማ ሆጫ ኢለን እምብዛ ቀጣን ማንቲለ ንወደን ይመርጻ። ቅጥኒ ኣብ ማናቲለ ቀዋሚ መለክዒ ጽባቐ'ዩ ዝውረየሉ። ካብን ካልእን ዛንታታት ጉዳፍና ጭራስ ንኽቐጥናን ትምህምን ክሳብ ዘይትፈላለየሉ ደረጃ እንተበጽሕካ ጉዳይ ሕማቕ እንደኣልካ ትኸውን። ማለትሲ ክሳብ ክንደይ ትቐጥን ምፍላጥ ጸቡቕ'ዩ። ተዘይትካ ንፋስ ጸመ-ኣርብዓ ባሕሪ ክሳብ ዘብጽሓካ ፈደፈይ እንተበልካ ማጠመቲኻ ካብ ምኻን ሓሊፉ መጸለኢኻ'ዩ ዝኸውን።

ከም ሰብ ብጉንደይ ምልእ ዝበለ ኑበሲ'የ ዝፈቱ። ብፍላይ ጓለንስተይቲ ምልኣት ኑቦሳ ከም ዘማዕርጋ ይኣምን። ካብ ጸፍራ ክሳብ ጸጉራ እንተውሓደ ኣዕጽምታ ዝኸደን ኑበሲ ዝተዓደለት ጓል እምብዛ ትብርሃ። ሰብ ዝበርሃ እንተኣገረ ነውሪ ደዩ? ተሰቒሉ ዝሓገዮ ቋንጣ እትመስል ጓል ጭራስ ኣይትብርሃንን። ኑበሲ ሲ ዓመት ምሉእ ማይ ዘይፍለዮ ሸኻ እንተመሰለ'ዩ እምበር! ገለአን ብታሕቲ ዝድረብ ክዳን ወሲኸን ይኸዳ። ናይተን ተፈጥሮአን ብጉንዱ ኣዕጽምቲ ዝኸደን ኑበሲ ዝኸልኣን ዘርብ ኣይነሓን። ማለትሲ ንኽዕምዝአን ዝኣመስሉ ኣዋልድ ብዘዕባ ርጉዲ እንተዘይ ተዛረብኖየን እውን ይምረጻ። ብስክፍታ ካብታ ዝርከበን ከይጉድላ ግዲ።

ኣብ 2001 ኣብ ፈረንሳ ዝተሓትመ መጽሔት ከም ዝሕብሮ ዓውድታት ጥዕናን ሱጸባቐን 'ርጉዲ ጥዕናዊ ጸገም የኸትል'ዩ' እናበሉ ንነዊሕ ዓመታት ዘስረጽዎ ሓሳባት፡ ሰባት ብሓፈሻ ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣብ ቅጥኒ ትኹረት ክገብራ ከም ዝቐሰበ የረድእ። ብምኽንያት ጥዕና ክቐጥና'ውን ዘይፍቀደለን ደቀንስትዮ ሰብ ኢልዎን ገደርዎን ኢለን ክቐጥና ብምፍታነን ንኻልእ ሕማም ከም ዝተቓልዓ ይውሰኽ። እቲ ብሽኢሊ ቀጠንቲ ኣዋልድ ቅጽጽ ዝበለ መጽሔት። ብኣንጻር ናይዚ ኣብ ፈረንሳ ዝተሓትመ መጽሔት፡ ኣርጀንቲናውያን ክኢላታት ጥዕና ሓደ ኣብ መዓልቲ ግቡእ ስራሑ ዝገብር ሰብ ናይ ምቕጣን መደብ ከም ዘየድልዮ ይሕብሩ። ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ካብ ፍርቂ ሰዓት ንላዕሊ ብእግሩ ዝንቀሳቐስን ስሩዕ ኣመጋግባ ዘዘውትርን ምስ ዝኸውን ክብደቱ ከጉድል ግድን ከም ዘይኮነ የረድኡ። እቶም ክኢላታት ብዘወሰኺ ሓደ ሰብ ማጠኑ ዝሓለፈ ስብሕን ንቕርጺ ዘቦኣሹ ገፊጥ-መፈጥን እንተዘይ ሃልዩዎ በዚ ኣርእስቲ ክሻገር ከም ዘይብሉ የተሓሳስቡ። እቶም ክኢላታት ኣብ መውዳእታ ዝሁብዎ ለበዋ እንተነይሩ፡ ወዲ ሰብ ኣብ መዓልቲ ብዘሰማማዕ ዓቐን ሰለስተ ሳዕ ክምገብ ከም ዘለዎ'ዩ። እቶም ክኢላታት ንምንጸጻር ክጥዕሞም ኢሎም ኣብ ምብራቓዊ ክፋል እቲ ሃገር ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ዘተኩረ ኣፈናዊ መጽናዕቲ ገይሮም ነበሩ። ዝጠዙሓ ካብ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ንላዕሊ ዝዕድመአን ኣዋልድ ምሸት ከምዝይድረራ ወጽኢት መጽናዕቶም ኣረጋገጸ። እተን ክወግሕን ክመሽን ንፋስ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ዝልከዮ ምልኩዓት ኣዋልድ ምስ ስርዓት ኣመጋግባ ብዝተሓሓዘ ሕማማት ዝተቓልዓ ምኻነን ኣፍለጠ። ይብልኹምሲዮ ከም ብዓል ሕማም ልቢ፡ ድኽመት ኣዒንቲ ካልእ ዘለዎ'ውን ነይሩ'ዩ ግዳ ንቐዳመ ሰንበት ኣይኮውንን።



ክቐጥኑን ተፈጥሮ ዝጎድኦም እንስሳታት ኣለው። ኣብ እንስሳታት ኣተኩርም ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ከም ዝሕብርዎ፡ እቶም ብሃድን ዝናበሩ እንስሳታት ቅጥንን ድልዱላን ከም ዝበድሶም'ዩ። እቶም ንጉድጓም ብዘተዓጻጸፈ ናህሪ ኣርክቦም ዝምገቡ ሃደንቲ ካብ ጉያ ዝኽልክሎም ስጋ ምንባር'ውን ስለዘኽልክሎም ብቐጻሊ ጉያን ምንካይ መግቢን ክብደቶም ይቋጻጸሩ። ኣዋልድ እዚ እዋን ክሃድና ደኖን ክሀደና ክቐጥና ሣር ዝበላ ዘለዋ ግን ሰሪ ዓቕመይ ክፈልጦ ኣይከኣልኩን። ልክዕ'ዩ ልዕሊ ክዳን ዝወጽእ ኑበሲ ተሰኪምካ ምኻድ ዝፈቱ ሰብ የለን። ምስ ተዘርዐ ዋና ዝሰኣነ ኩበት ክሳብ እትመስል ምቕጣን ግን ምስ ምንታይ ይሕሰብ። ብቐጥኒ ዝመጸአ ጽባቐ ይሃሉ ኣይሃሉ ከይፈለጥካ ሳዕሪ ክሳብ ትጸሪ እንተሳጸኻ ወደያመን ይሕገስ? ትቐጥን ዲኻ ዘለኻ

# ለምሊመልኪ ዶ ሓቀይ....?



ሰብኣይ ከም ሰናፍጭ ምርር ኩብል ኣለዎ ክበሃል ሰሚዐኪ ትኸውኒ። ዋላ'ኳ ኣብ ባህሊ ግድሰቲ እንተዘይኮንኪ ክሳብ ሎሚ ነዚ ዘረባዚ ዘይሰማዕክዮ ኣይመስለንን። ሰብኣይ ምርር ኩብል ኣለዎ እንተ ተባሂሉ ካብ ባዶ ዝቖለ ኣይምሰልክኒ። ስም እቲ ዛንታ ተፈጺሙሉ ዝበሃል ከባቢ'ሞ ይጽንሓልና እቲ ዝበሃል ጥራሕ ከውግዓኪ። ሓደ እዋን ኣብ ዓዲ እኸሉ ኣብ ከባቢ መን ኢኻ ትብሎ ኢለ ክጽሕፍ ምስ ጀመርኩ ክሳብ ክንደይ ጉንዲ እዝዚይ ተጨልጊመ ትፈልጢ ኢኺ። ዋላ ጽቡቕ ዛንታን ታሪኽን ጽሒፍካሉ ዘማስየን ሰብ ውሑድ'ዩ። ኣብር ዘለዎ ዝመስል ዛንታ'ሞ ከተዕልለሉ እንከለኻ'ውን የሚከ ጸጋም ክትርኢ ኣሎኻ። ኣብ ባህልና ብዙሓ ኑበሸኻ ምዝራብ ልሙድ ኣይኮነን ከኣ'ምበር ደብሃለለይ። ይሕመቕ ይጽብቐ ዛንታኡ ክትዋገረሉ ዘይደሊ ርእየን ኣንበበን ኣይፈልጥን'የ። እብለክሲ ኮመይ ኢሉ'ዩ እሞ ዛንታን ታሪኽን ካልኣት ዛንታ ክኸውን? ፈቲኺ ጸለእኪ ኣነየ ኣደኺ ደዩ ዝበሃል። 'እሞ እቲ ዝበልኩኺ ዛንታ ንገረኒ' ዲኺ ዝበልኪ። ኣብሸርኪ!

ኣብ ሓደ ዓዲ(ስም እቲ ዓዲ ንብየንኪ ክትገርኪ'የ) ኣገዙ ንፉዕ ሰብኣይ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ኣብ ማሕረስን መጓሰን ዝውዳደሮ ኣይነበረን ይብልዎ። ከምኡ ዝሓፍሰን ዝጓሰን ውሑድ ነበረ። ንበዓልቲ ቤቱ'ውን ብሕሉፍ ቅብጥር ይሕዛን ካብኡ ዝድለ ከየጉድለላን ይጽዕር ነበረ። ሰበይቱ ከኣ በቲ ንዝዘተወሰ እዋን ዝፈተውቶ ኣካይዳ ሰብኣይ ሕጉስቲ ነበረት። ምስ ግዜ ግን ብዓል ቤታ ቅጫ ከምጽኣላ ጀመረ። ኣገዙ ልምሉምን ብዘበሉቶ ዝኸይድን ብምንባሩ ኣሰልኪያ። ከም ሰብኣይ ኩሓርቐን ብዙሓዞ ክደሰቓን ከኣ ደለየት። ሰበይቲ ከተሕርቖ ኢላ ዘየደሊ ክትዛረብን ክትጉብርን ወሰነት። ሰብኣይ ሕጂ'ውን ካብ ትም ሓሊፉ ዝገብሮ ኣይነበሮን። ጸሓ ሰበይቲ ሓደ ጥበብ መጻኣት። ሰናፍጭ ሰራሓ ይብልዋ። መኣዲ ክትቀርበሉ እንክላ ከኣ 'ሎሚ ሰብኣይ ዝጥዕም መግቢ ቀሪበልካ ኣለኹ' ኢላቶ። ከም ስብእነቱ ልምሉም መግቢ ተጸቢዩ ዝጸነሐ ሰብኣይ፡ ንወዮ መግቢ ክኸልሶን ብኽልተ ኣፍንጫኡ ክስርስሮን ሓደ ኾነ። 'እንቲ እዚ መሪርን ጥዑምን መግቢ ድኣ እንታይ ኢልኪ ሰመኺዮ' ብምባል ሓተታ። 'ሰናፍጭ' ብምባል ከኣ መለሰት። ንበዓልቲ ቤቱ ከመይ ዝበለ ሰብኣይ ክኾኑላ ከም ዘለዎ ካብ ዘዳለወቶ መግቢ ዝተረድአ ሰብኣይ ደላይ ብዓልቲ ቤቱ ኣማልአ። እታ ሰበይትን እቲ ከቡዘን ድማ ክሳብ ምምጻእ ጥልያን(ብዝምጋም ኣዘንተውቱ) ሰብኡት ምኳን ንዝሰኣኑ ወሃቢት መምከሪ ነበረ ይብልዎ።

ኣነውን ንኸለንትናዊ ኣካይዳኪ ክርእዮ እንከለኹ ሰናፍጭ ምምጋብ ዘድልየኪ ይመስለ። እንተስ ብመደብ ወይ'ውን ተፈጥሮኺ ኩይኑ ክሳብ ሎሚ ከም ጓል ሄዋን ርእኺ ኢልኪ ተዛሪብኪ ኣይትፈልጥን። ተፈጥሮ ባዕሉ ምፈለጡ ክሳብ ክንደኡ ንዓይ ክብሪ ብዘኸልእ መንገዲ ምዝራብኪ ግና ሕሩመይ ዓቕለይ ኣውዲኡኒ። ኣብ ፍቕርን ቅድሚ ሓዳርን እንክለና ክንደዚ ከተሸግርኒ ዝጀመርኪ ጎጆና ምስ ፈለና እንታይ ክትገብርኒ ኢኺ ክፈልጥ ኣይከኣልኩን። ኑብሮ ኢኺ'ኪ፡ ሰብ ኢለ ኣብ ቤተይ ኑብሪ ክኣስር። እቲ ዝገርመኪ 'ደሓር ትገደፊ'ያ' ዝብል ሰብ ተሳኢኑ። እዘን የማ ጸጋምካ ሕልኽልኽ ዝበላ ይሻርሽረኣ ስለዘለዋ'ያ ዝበሉ ግና ኣይተሳእኑን። ወይለኪ ዋላ ብመዓልካ ሓደርካ ዲኺ ትሻርሽሪ?

ብድኑቡዱ ለምለምካ ዝበሉ'ውን ኣይተሳእኑን። ክሳብ ክንደኡ ኣቀጥቃሪ ምኳን ኣየድልየካን'ዩ እናበሉ ዝምዕዱኒ መኻይዲ ብዙሓት'የም። ምሽ ኣለኺ ሰብ ዝብለካ ንሓሳቦትካ ከም መሀብተሚ'ምበር፡ ሕመረት ንውሳኔኻ ክኸውን የብሉን ስለዝበሃል ከኣ ክሳብ ሎሚ ክሰምዖም ኣይጸናሕኩን። ኣለኺ ኖ እኸለ ስለዝበለኪ እኮ'የ ካብ ምባል፡ ንዘረራት ኣጸቢ'ቐካ ባዕልኻ ክሳብ እትርድኦም ኣለካ እናበልኩ ጸኒሐ፡ ግና ሓቆም'የም፡ ኣነ'የ ከይተረዳእኩዎም ጸኒሐ። ንርእሰይ ሃሰስ ከየብልክዋ ምጽንሐይ ሃዕዩ፡ እናሃዳእኪ ትኸዲ ኣለ ነዊሕ ተጸብዮ'ሞ መትሓዚ ተሳኢኑኪ። ደገም ምልምላም ጉዳፈያ። ኩሉ ሓደ ኩይኑ ናትኪ ነገር። ክሳብ ሕጂ ዝገበርክዎ ዓቕሊ መን ከም ዝምስከሉ ኣይፈለጥኩን። ክንዲ ዘኹለሰኩ ኣደይ ተሻኺሰኩ'ዩ ናትኪ ነገር።

# ተጽዓን

## እንታይ ኢኻ ትብሎ?

ኣብ ክራማት ዝበቁል ተኽሊ'ዩ። ዓምዓም ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ'ዩ። እዚ ምስ'ቲ ዓምዓም ገመሎ ዝበሃል ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ዝበቁል ቁልዑ ዝጻወቱሉን ደርሁ ኣብ ምፍዋስ ዝውዕልን ሓሸሞ(ተኽሊ ክራማት) የመሳስሎ። ግዳ ተጽዓን ዝበልዕ ፍረ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ልክዕ ቦታኡን ግዜኡን ምስ ዝርከብ ንጎሶት ይኹን ካልእ ደላይኡ ሳንጣኡ የረስዖ። ምሳኡ ዝኸይድ ወሰኽ ከኣ ኣይሰኣንን። ምልክት ሰናይ ክራማት ስለ ዝሕሰብ። ተጽዓን ዝኣክል ዝፍብን በረኽትን ምስ ዝረኽብ ከም ሃገሩ ሰላዕ ኢሉ ክፍፍር መርዓት ዝመስል ፍረ የውጽእ። ይብላዕን ይጣዐምን። መመላኽዒ'ውን ይኸውን። ንፍረኡ ዝተመገበ ሰብ ኑቲ ዝተረፈ ሸፋን ወይ ቅላጥ ኣብ ግንባሩ ወይ መዓንጉርቱ ይልጥፎ። መልክዕ ከኣ ይውሰኸሉ። እዚ ኣገባብ ምጽብባቕ ዝያዳ ደቀንስትዮ ይጥቀማሉ። ከምዚ ዝኣመሰለ ጥበብ ዝጥቀማ ኣውላድ ቀብዛራት ከይኮና ይፍረሃ። ከም ወጽኢቱ ኣውላድ ንተጽዓን ካብ በረኻ ሓሊፈን ዓዲ ኣትየን ኣየዘውትራኦን።

ተጽዓን መጸወቲ እውን'ዩ። ኑብሶም ዘየልዓሉ ጓሶት ንተጽዓን ንሓድሕዱ ከም ዝተሓላለዘ ገይሮም ይመርንዎ'ሞ፡ ተር ኢለን ዝኾዳ ኣሓ የምስልዎ። ብዘሐ ክውንነወን ናይ ዝደልዩ ኩበቲ ከኣ ይውቅሉ። ልቢ ዘየዕበዩ ጓሶት ብኸምዚን ወዲ ከምዚን ክበኣሱ ንብር ይኸውኑ። ዝከውሐ ንሓድሕዱ እተተሓላለዘ ተጽዓን ዝሰርሐ ጓሳ ኑቲ ዝሰየሮ ሰብ ክሳብ ዝተሰማምዑሉ ርሕቀት ከም ዝሰከሞ ይጉብር። እቲ ዝተሳዕረ ሰብ ከኣ ከልእ መዓልቲ ሕነኡ ክፈዲ ይጽዕር። ጓሶት ነዚ ኩሉ ክጻወቱ ዝበልዕ ግራት ኣይሰኣንን። ብሰሪ ተጽዓን ከኣ ክሳብ ሃገር ክበጽሕ ይኽእል።



# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕብረተሰብ

# “ብዘሎካ ምዕጋብ” – ዕላል ክልተ መሓዙት

ሂላል 14

ሳሮን ኣብ ቦታ ቈጸራኣ ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት'ያ መጺኣ። ዘይቅሱን መንፈስ ስለ ዝነበራ ትርኢታ'ውን ቅሱን ኣይነበረን። ካብ ገዛ ክትወጽእ ኣይሓሰበትን። ሰመረ ደጋጊሙ ናይ ተለፎን መልእኽቲ ክሰደላ ውዒሉ ኣይመለሰትሉን። ሞባይላ ተዘዚታ ገይራ መልእኽቲ ከም ዝመጽኣ እናኽትነግራ ቀልጢፉ ኣይትርኢያን። ምስ በዝሐ ግን ካብቲ ተጨቢጣቶ ዝነበረት ሳሎን ተንሲኣ ሞባይላ ኣልዓለታ።

“ሰላም ዓባይ ሰብ! ተጣፊእና፣ ክንራኸብ ኣይምጸላእኩን። ይጥዕም ድዩ?”

“ኣቲ ኣይትምልስን ዲኺ?”

“ኦ...! ሓብተይ ሕሳብ ድዩ ዘይብላ ዋላ ከተሰቅጢ ደሊኺ። ብዝኾነ ሰዓት ሓሙሽተ ኣብ ... ኣለኹ። እንተ መጺእኪ ጽቡቕ፣ እንተ ዘይኮይኑ ኸኣ ናይ ድሓን ይግበረልኪ...”

ዝብሉ መልእኽታት ጸንሑዋ። ካብቲ ብዘይ ፍረ ተጨቢጣትሉ ዝነበረት ሳሎን ምውዓል፡ ዕረፍቲ እንተ ሃባ ናብ ሰመረ ክትከይድ መረጸት። ቦርሳኣ ኣልዒላ ድማ ሰዓት ከይረኣየት ወጽኣት። ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት ቈጸራ ኣብኡ በጽሐት። ኣብቲ ሰፊሕ ካንሸሎ ዘሎዎ ካፈ ብርኽ ዝበለ ጣውላ መሪጻ ኮፍ በለት። ኮፍ ዝበለትሉ ቦታ ነቲ ሓጺር ካንሸሎ እቲ ካፈ ሓሊፉ፡ ንግዳም ጽቡቕ ገይሩ ከርኢ ዝኽእል እዩ። ኣዒንታ ስግር እዚ ካንሸሎ ኣርሒቖም ከዱ፣ ሓሳባ ግን ናብ ማዕሙቕ ውሽጣ እናጠሓሉ ከባቢኣ ከም ዘይተስተውዕል ገበሩዋ።

“ሱብዶ ኣለኪ'ዩ፣” ኢሉ ንዝሓተታ ሰብ ግዲ ከይገበረት ናይ ኣሉታ ምልክት ርእሳ ጥራይ ነቕነቐትሉ። ንሱ'ውን ብዘይ ዘረባ ኮፍ በለ። ኮፍ ካብ ዝበል ብጩቕ ኢሉ ኣይተዛረበን፣ ሳሮን'ውን ሰብ ኣብ ጥቓኣ ከም ዘሎ ኣይዘከረትን። ንሳ ናብ ማዕዶ ክትጥምት፡ ንሱ ናብኣ ክጥምት ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ከም ዝሓለፈ ሰዓቱ ምስ ተመልከተ ኣስተውዓለ። ካብ ሓሳባ ከይኩለፈ ትም ክብል ሓሰበ። ግን “እንታይ ገበረት በይና ትጭነቕ፡” ኢሉ ኸኣ ናብ ውኖኣ ክመልሳ ይሓስብ። ድሕሪ ግዜ ግን ሓሳባ እንተ ኣማቐለቶ'ውን ንዓኣ ረብሓ'ዩ ኢሉ ብምእማን፡ ኣእዳው ኣብ ምናታ ብምጭባጥ ዓይኒ ዓይና ጠመታ። ሳሮን ብጽውግ ገጻ ግልጽ በለት። ብውሽጣ ዘይተፈለጣ ነድሪ ንቑዮቿ ድልውቲ ገይሩዋ ነበረ። ገጽ ሰመረ ምስ ረኣየት ግን ሰንበደት። ብዘይ ልባ ክትሰዕሞ እናተንሰኣት፤

“መዓስ መጺእካ?”

“ፍርቂ ሰዓት ገይረ።”

“ኣይኣምንን'የ...፡” ክንዲኡ ዘሕሰባ ክትዝክር እንተ ፈተነት'ውን ተሸሪቡ ጠፍኣ። ብዝከኣላ ናብ ውኖኣ ክትምለስ እናጸዓረት ኵነታት ጥዕና፡ ስራሕን ህይወትን መተዓልልታ ኣጣየቐት።

“ኵሉ ሰላም'ዩ፣ ክገርመኪ ከም ሎሚ ቅነ ጽቡቕ ኣይቀነኹን።”

“ጽቡቕ እንተ ቀኒኻ ድኣ እንታይ ኴንካ ደሃየይ ዘይገበርካ?”

“ስራሕ ኣየዕረፍኩን ቀንየ። ግን ክብለኪ እንታይ ምኳኑ ጽቡቕ ክሰምዓኒ ቀንዩ።” ጸጽብቑ ጥራይ ከዕልላ ደልዩ እምበር ከመይ ከም ዝቐነየ ንባዕሉ ኣይዘከረን። “እንታይ እንታይ ዲኻ ክትገብር ቀኒኻ፣” ኢላ ከይትሓቶ ግን ካብ ምስካፍ ዓዲ ኣይወዓለን። ንሽኑታታ ቀስ ኢሉ ካብ ትርኢታ ከንብቦ ሃቀነ። ሳሮን ዘይኣመላ ኣብ ነብሳ ብዙሕ ከይተገደሰት ከም ዝመጽኣቶ ተገንዘበ። ጸጉራ ከምዛ ዘለውኣ ኩይናን ርእዩወን ኣይፈልጥን።

“ቤላ እምበር... ተቐይርክኒ። ጸጉርኺ ጽቡቕ ጌርኪዮ፡” በላ ናብ ጸጉራ እናጠመተ። ሳሮን ግልጽ ኢላ ብምጥማት ካርካር ኢላ ሰሓቐት። ክብሎ ዝደለየ ፈሊጣቶ'ያ።

“ፈጺመ ብዛዕባ ትርኢተይ ክዝክር ኣይከኣልኩን ውዒለ።”

“ኢሂ?” እቲ ቀንዲ ከተሓሳስቦ ዝጸንሐ ዝንታኣ ከተዕልሎ እናተተሰፈወ።

“እንድዒ ኵሉ ነገር ኣጽሊኡኒ በቃ!” መለሰትሉ ርእሳ እናድነነት። ሰመረ፡ ሳሮን ክንዲ'ዚ ክትሓስብ ርእዩዋ ኣይፈልጥን'ዩ። እንታይ ኢሉ ከም ዘቐጽለላ ጠፍኦ። እናሻዕ ክራኸቡ ኣብ ሓፈሻዊ ኣርእስቲታት ከዕልሉ እንከለው እናተዋዛየትን እናሰሓቐትን ስለ እተዕልሎ ከምዚ ኢላ ክርእያ ባህ ኣይበሎን።

“እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎ ድዩ?” ሓተታ።

“ዋላ። እንታይ ፈሊጠ ኢልካኒ።”

“ቀኑብከ?”

“እንታይ'ዩ ዘሐጉሰኒ ኣይፈልጥን። ከመይ'ሞ ክብለካ'የ...” ትብሎ ሓርበርታ።

“ገንዘብ? ስራሕ? ህይወት ገዛኹም? ካብዚኦም ምሳኺ ዘይተሰማምዐ ኣሎ ድዩ? ምሽ ኣሎ ኣጸሚዩ ከምዚ ናይ ሕጂ ሰብ ብዘይርእዩ ገይሩ ይቃለሰኪ ከይከውን?” ንዕኡ'ውን ዘይተበርሃቶ ዋዛ ሓዊሱ ኣፍደገ ጭንቀታ ክፈልጥ ደለየ። ሳሮን ፍሽኽ ድሕሪ ምባል፤

“ኣቦኡ ዘፍለጠ ፊት ንፊት ክቃለሰኒ እንተ ዝመጽእ ድኣ ጽቡቕ እንድዩ...። ይመስገኖ ብገዛና ቅስንቲ እየ። ዘበዝሐ ግዜይ ኣብ ስራሕ'የ ዘሕልፎ፣ ኮፍ ኣይትፍተወኒን'ያ። እቲ ዝሰርሖ ደስ እናበለኒ'የ ዝሰርሖ። ካልእ እንታይ ኢኻ ኢልካኒ ነይርካ?”

“ገንዘብ? ገለ ምስኡ ዝተሓሓዘ?” ኣዘከራ።

“ገንዘብ'ሞ... ገንዘብ ስኢነ ኣይፈልጥን'የ። ስራሕ እፈቱ'የ፣ ዝኾነ ስራሕ እናሰራሕኩ ገንዘብ ኣይስእንን'የ። እዚ ግን ዓቕሚ ኑብሰይ'ዩ። ንስድራይ ዘይገበርኩ፡ ኣቦይ ዘየዕረፈ እንተ ዘይኢለስ ነዛ ኑብሰይ ይኽእላ'የ።” ኣዕሚቓ ኣስተንፈሰት።

“እሞ እንታይ ደኣ የሕስበኪ ኣሎ? ‘ስድራይ ዘይሓገዝኩ፡’ ‘ኣቦይ ዘየዕረፈ’ ገለ እንተ ኾይኑ ድሓን'ዩ። ምኽንያቱ ኣቦኺ ካብታ ንስኺ ርእስኺ ዝኸኣልክላ'ኳ'ዩ ኣዕሪፉ። ስድራ ሸዑ'ኳ'ያ ተሓጊዛ ሳሮና ሸኮር። ምናልባት በዚ ዘለኺዮ ኣይትዕግብን ትህልዊ ኢኺ...፡” ግብረ መልሲ ክትህቦ ተጸበያ።


“እወ። ፈጺመ ይዓግብ የለኹን።” ልባ ግዲ ረኺቡዋ ብስምዒት መለሰትሉ።

“ይገርም'ዩ...! ሳሮን ንስኺ ንመዓልቲ ክልተ ወይ ሰለስተ ስራሕ ትሰርሒ፡ እቲ ትሰርሕዮ ደስ ኢሉኪ ትሰርሕዮ፡ ኑብስኺ ትኽእሊ። ሰብ፡ ዝረኸብክያ ግዜ ኣብ ምንባብ ተሕልፍያ፡ ሰመረ ዝብሉዎ ኬፍ ዘለዎ መሓዛ ኣለኪ፡... ገለ ...፡” ክልተኦም ተተሓሒዞም ሰሓቑ። ሰመረ ብኡ ኣቢላ ዝጀመራ ቁምነገር ከይትሃድሞ ግዲ ሰጊኡ ሰሓቑ ኵለፎ።

“ንዘሎኪ ጽቡቕ ነገራት ክትድንቕዮምን ክትሕጐስሎምን እንተ ዘይጀሚርኪ፡ ዝረኸብኪ እንተ ረኸብኪ ክትሕጐሲ ኣይትኽእል ኢኺ። ንዓኺ ዝተዋህበ ንኻልኦት ኣሕዋትና ሃበን። እብለኪ ኣለኹ ንስኺ ዕድለኛ ኢኺ ሳሮን። ድሕሪ ሕጂ ኣብ መኣዲ ኢደይ ንዘሕጸቡኒ፡ ‘ንሳሮን ዝሃበ ይሃብካ!’ ኢለ ክምርቐም'የ፡” ሕጂ'ውን ተታሓሒዞም ሰሓቑ። “ሰብ ኣብ ሓደ ደው ክብል ከም ዘይብሉ ይርድኣኒ'ዩ። ቅድም ነቲ ዘለዎ ኵነት ከይተቐበለ ግን ክስጉም ኣይክእልን'ዩ። ንጽቡቕ ጉድኒኺ፡ ንጽቡቕ ወገን ዘለኺዮ ህይወት ክትሕጐስሉ ክትጀምሪ ኣለኪ። ምናልባት ዝተርፈኪ እንተ'ሎ ክትምልኢ ኣለኪ። እዚ ግን ማዕረ ክንዲ'ዚ ዘጨንቕ ግን ኣይመስለኒን። ይኣኽለኪ ኮይስ... ሕጂ ናይዚ ዝመኸርኩኺ እንታይ'የ ክእዝዝ?”

ሳሮን ሰንበደት “ክሳዕ ሕጂ ኣይኣዘዝካን?”

“ኣይኣዘዝናን'ምበር...።”



## ወግዒ ብሓሳባት

# ልቦና ወጋሕታ

ሚካኤል እያሱ (ሃርሞኒ)

ምሉእ ለይቲ ከይደቀሰ እዩ ሓዲሩ። ኑብሰ ጽልኣት ዝፈጠረሉ ጸገማት ምጽዋሩ ኣመና ከቢድዎ። ምስ መሳርሕቱ ከይኣኽሎ፡ ምስ'ቶም ናይ ንእሽነቱ ኣዕርኽቱ'ውን ባእሲ ፈጢሩ እዩ ገዝኡ ዝኣተወ። እቲ ቀንዲ ልቡ ዘጉሃሮ ነገር ግን፡ እቲ ዝኣምኖን ዝፈትዎን ዓርኩ፡ “ንጽመመካ ኴንና እምበር ናይ ሰብ ጠባይ የብልካን፡” ስለ ዝበሎ እዩ። “ሰባት ንኸፈትዉኻ ቅድም ንስኻ ንኑብስኻ ፍተዋ። ዝፈቶ ትሕትና፡ ዝፍቶ ኣኽብሮት ኣብ ውሽጥኻ ይሃልኻ። ከምዚ ኢኻ እንተ በልናካ ትንድር። በቃ ቅድም ንኑብስኻ ፍተዋ፣ ዝፍቶ ምስ ሃለወካ ኢኻ ኸኣ ክትፈትዋ፡” ዝበሎ ግን ዋላሓንቲ ኣይተረድኦን።



ጸሓይ ክትቀላቀል ምስ ጀመረት ከኣ ካብ ዓራቱ ብምትሳእ ኣብ ደገ ወጺኡ ኮፍ በለ። ድሕሪ ቍሩብ ደቓይቕ፡ ህጻን ጎሮቤቱ ኣመት ደራሁቱ ክገብር ከሎ ከቕልበሉ ጀመረ።

እቲ ህጻን ወትሩ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ብምትንሳእ ደራሁቱ ይኸፍት። ፍሉይ ፍቅሪ ደርሆ'ዩ ዘሎዎ። ብፍላይ ድማ ነታ ጸላምን ገዛፍን ደርሆ ልዕሊ ማንም ይፈትዋ። ንሳ ብዘይ ምቍራጽ መዓልታዊ እንቋቝሖ ትወልደሉ። ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኩለን ደራሁቱ ብሕማም ኩስትር ክብላ ከለዋ፡ ብሕርቃን ቶግ ክብል እዩ ደልዩ። እቲ ዘሐጉሶ ነገር ግን፡ እታ ዝፈትዋ ጸላም ደርሆ ካብ ሞት ምስራራ እዩ። ሕጂ ከኣ'ሞ ድሕሪ ክንደይ “ሕቚቕ” ኢላትሉ። ምስ ኣሕቈፉ ድማ ትሽዓተ ጨቓዊት ኣውጽያትሉ እያ።

ሎሚ ንግሆ፡ ዘይከም ዝሓለፉ ኣዋርሕ፡ ሓንቲ ጸላም ደርሆ ዘይኰነ፡ ምስ ትሽዓተ ጨቓዊታ እዩ ክኸፍት። ጸላም ደርሆኡ ምስ ወጽኣት፡ ንኹሎም ጨቓዊቱ ካብቲ ባኮ እናቈጸረ ከውጽኦም ጀመረ። ሸሞንተ ምስ ቈጸረ ሓደ ተሪፍዎ ሃሰውሰው ኢሉ ረኸቦ። እቲ ጫቚት ግን ከም'ቶም ኣቐዲሞም ዝወጽኡ ምስ ምሉእ ጥዕናኡ ኣይነበረን። እናተሻቐለ ተጠንቂቑ ኣውጽኦ። እቲ እንኮ ጸሊም ጫቚት ብምኻኑ ከኣ ዚያዳ ኣሻቀሎ። ምኽንያቱ ነታ ዝፈትዋ ደርሆኡ ዝመስል ንሱ ጥራይ እዩ።

ቀስ ገይሩ ምስቶም ሃሳስ ብጫ ዝሕብሮም ኣሕዋቱ ጨቓዊት ጸንበሮ። እኽሊ ፈይ ፈይ ብምባል ብባህታ ይዕዘቦም። ሸው ግን ሃንደበት ሰንበደ። እታ ጸላም ደርሆ ነቲ ጸሊም ዝሓመመ ጫቚት ክትቶኾሮ ምስ ትዓዘበ፡ ኣብ ርእሲ ሕማሙ ከይትቐትሎ ስለ ዝፈርሐ ብቐስታ ኣልዒሉ ሰዓሞ። ጸኒሑ ቀስ ገይሩ ኣቐረበላ። እታ ደርሆ እንደገና ክትተኾርቦ ስለ ዝጀመረት ደጊሙ ሓፍ ኣበሎ። ቍሩብ ግዜ ተጸብዩ፡ ገለ ርሲዓቶ እንተ'ኾነት ካብ ዝብል ሓሳብ ኣቕረበላ። ሕጂ'ውን ክትተኾርቦ ተሃንደደት።

ነቲ ጫቚት ድሕሪ ምልዓል፡ ብሕርቃን፡ “እቲ እንኮ ወድኺ ክኸውን ዝኽእል እዚ ጸሊም ጫቚት ጥራይ እዩ፡” ኢሉ ኣንጸርጸረላ። ምኽንያቱ ዘዝወለደቶ እንቋቝሖ ይበልያ ነይሩ። ከሕቝፉ ምስ ሓሰበ፡ ኣደኡ ካብ ዕዳጋ ዘምጽኣትሉ እንቋቝሖ፡ ምስ ክልተ ናታ ወሲኹ'ዩ ኣሕቍፉዋ።

ሓንሳብ ዝን በለ። “ምናልባት ጸላም ምኳና ትፈልጥዶ ትኸውን፣” ኢሉ ሓሰበ። “እቲ እንኮ ንዓኣ ዝመስል ጫቚት ንሱ እዩ። ኣነ ጠፍናኒ ምኻነይ ኣብ መስትያት ምስ ርኣኹ'የ ኣረጋገጽ። ሕጂ ከኣ ጸላም ደርሆ ምኻና ከፍልጣ እየ፡” ኢሉ ናብ ገዛ ብምእታው መስትያት ናይ መንደቕ ኣምጽኣ። ኣብ መንደቕ ኣጸጊዑ ኣብ ቅድምኣ ገተረላ። ጸላም ደርሆ ኣብቲ መስትያት ምስላ ምስ ርኣየት ብምንጽርጻር ምስ ምስላ ክትቃለስ ጀመረት። ምስላ ዝሰዓራ ግዲ መሲልዋ ናይ ዘለዋ ክትቃላስ ጀመረት። መስትያት ከይትሰብረሉ ዝፈርሐ ህጻን ነቲ መስትያት ብምልዓል ምስ ምስላ ዓረቓ።

ነዚ ናይዚ ህጻን ኩሉ ተግባራት ክዕዘብ ዝጸንሐ መንእሰይ እቲ ንምሉእ ለይቲ ከጨንቖ ዝሓደረ ነገራት ብንግሆኡ መልሲ ኣብ ቅድሚኡ ተገቲሩ ብምጽንሑ ነታ ንግሆ ኣመስገና። ነቲ ከም ጎሮቤቱ ኣቕሊቡሉ ዘይፈልጥ ህጻን ናብ ጥቓኡ ብምኻድ ድሕሪ ምስዓም፤

“ርኢኻያዶ ኑብሳ ስለ ዘይትፈትዋ፡ ነዚ ንኑብሳ ዝመስል ጫቚታ ከመይ ኢላ ክትፈትዎ። ስለዚ ኑብሳ ምስ ፈተወት ጥራይ'ያ ነዚ ጫቚት ክትፈትዎ፡” ኢሉ ርእሲ እቲ ህጻን ደሪዙ ግልብጥ ክብል፡ ጽን ኢሉ ክሰምዖ ዝጸንሐ ህጻን፡ ካብቲ ጸዋግ ዝጸልኦ ስግንጢር ጎሮቤቱ ምኽርን ምስዓምን ምርካቡ እናገረሞ፤

“እሞ ሕጂ ኑብስኻ ስለ ዝፈተኻያ ኢኻ ፈቲኻኒ ማለት'ድዩ?” በሎ። ነቲ ሕማቕ ጠባዩ ጎሮቤቱ ህጻን ዋላ ኣስተውዒሉሉ ምጽንሑ እናገረሞ፡ ናይ እወታ ርእሱ ነቕኒቑ መልሲ ድሕሪ ምሃብ፡ ምስ ኑብሱ ክዕረቕ ...።

***

# ስፖርት

# ሚኪኤል ኣብ 'ፈንቅል ቻለንጅ' ኣንጸባሪቑ

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ስእሊ - ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል

ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ካብ ፎሮ ተበጊሱ ኣብ ጊንዳዕ ኣብ ዝተዛዘመ ናይ 1.2 'ካተገሪ' ውድድር ብሽክለታ ፈንቅል ኖርዘርን ሬድሲ ቻለንጅ፣ ተቐዳዳማይ ጋንታ ሳሊና ሚከኤል ሃብተየም ተዓዊቱ።

ኣብቲ 113 ከሎ ሜተር ዝሸፈነ ውድድር፣ ሚከኤል ብኽልተ ሰዓትን 56 ደቒቕን 32 ካልኢትን እዩ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሑ። ብገምጋም ኣብ ሰዓት 38.41 ከሎ-ሜተር እናተጓዕዘ ኣብ ጊንዳዕ ዝበጽሐ ሚከኤል፡ ምስ ተቐዳዳማይ ጋንታ ጽግዕት ኣድሓኖም ዘሚካኤልን ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሚልዮን ኣማኑኤልን ብምኳን እዩ ናብ ቅጽበታዊ ውድድር በጺሑ። ብናይ ሓንቲ ካልኢት ፍልልይ ድማ ከዕወት ክኢሉ።

ተቐዳደምቲ ሱዳን ብእዋኑ ዘልሓጥ ዝበሉሉን ሩዋንዳውያን ዝበደሁሉን ውድድር . . .

ድሙቕ ናይ ምቕባልን ምፍናውን ስነስርዓት ዝተገብረሉ ተቐማጦ ፎሮ፡ ምስ ተቐዳደምቲ 8:10 ቅድሚ ቐትሪ እዮም ተፈላልዮም። እተን ሽሸዱሽተ ተቐዳደምቲ ዝሓዛ ጋንታታት ኤርትራ፡ ሳሊና፡ ጽግዕት፡ ባይክ ኤይድን ሩዋንዳን ነቲ ውድድር ክቕልሳኦ ግዜ ኣይወሰዳን። ሓሓሙሽተ ተቐዳደምቲ ዘኽተታ ምስርን ኣሞረ ሸታን ድማ ኣብ መንነ ብምኳን ጉዕዞአም ቀጺሉ። ኣርባዕተ ተቐዳደምቲ ዘሰተፈት ሱዳን ዋላ'ኳ ንብዙሒ ተቐዳደምቲ ናይቲ ውድድር 44 እንተነበጸሐት፡ ኣብ ውድድር ግና ኣይግደደን። ተቐዳደምታ ገና ብኣጸበዕ ዝቖጸር ከሎ-ሜተር ከይተልዓሎ እየም እግሮም ረሸሽ ክብሉም ዝተራእዩ።

ተቐዳደምቲ ናብ ዊዓ ቅድሚ ምብጽሖም፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናህሪ ብሽካዮታት ተፈታቲኖ። በዚ ድማ እታ ዓባይ ጉጅለ ኣብ ኽልተ ተመቒላ። ጆሴፍ ኣረሩያ - ሩዋንዳ፡ ኤልያስ ኣፈወርቂ - ኤርትራ፡ ሚሮን ተሾመ - ባይክ ኤይድ፡ ኣማኑኤል ጺጋይ - ኤርትራ፡ ሃኒባል ጺጋይ - ሳሊና፡ ኣማኑኤል መንግስ - ባይክ ኤይድ፡ ጃን ክሳውድ ዊዚይ - ሩዋንዳ፡ ዮናታን ሃይሉ - ሳሊና፡ ኢጉኖ ባዚ - ኣሞረ ሸታ፡ ኣሮን ደብረጼን - ኤርትራ፡ ፓውሎ ሉናርዶ - ኣሞረ ሸታ፡ ዘመንፈስ ሰለሙን - ጽግዕት፡ ክብሮም መሓሪ - ጽግዕት፡ ዮናስ ፍስሃየ - ጽግዕት፡ ሚሮን ኣብርሃም - ሳሊና ከምኡ ድማ ሚሮን ኣማኑኤል - ባይክ ኤይድ ዝርከብዎ ጉጅለ ንቅድሚት ብዘይ ቀልዓለም እናተበራረየት ጋግ ኣንጸፈት። እቲ ፍልልይ እውን ናብ ክልተ ደቒቕን 37 ካልኢትን ደየበ።

ከም በዓል ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2016 ተሰፎም ዑቕባማርያም ዝርከብዋ ዳሕረወይቲ ጉጅለ ዘገም እናበለት ጉዕዛኣ ትቕጽል። መራሒት ጉጅለ ድማ ብዘተፈጥሩ መጥቃዕትታት ተመቒላ። እታ ብናይ ውሑድ ሜትሮታት ፍልልይ ዝተመቐለት ጉጅለ፡ ነታ ኣብ ዳሕረወይቲ ጉጅለ ናይ ክልተ ደቒቕን 20 ካልኢትን ኣብ ከባቢ ሕርጊጎ ኣንጸፈት። መጥቃዕቲ ናይ ቀዳመይቲ ጉጅለ ብምውሓዱ ድማ ናብ ምጽዋዕ ብናይ ደቒቕ ፍልልይ በጺሓት።

ብመጠኑ ዝተዛየት እትመስል መራሒት ጉጅለ፡ ብተቐዳዳማይ ኣማኑኤል መንግስ - ናይ ባይክ ኤይድ መጥቃዕቲ ተኻየደላ። ነቲ መጥቃዕቲ ዝመከቱ ድማ ኣኽሊሉ ገብርሂወት - ጽግዕት፡ ዮናታን ሃይሉን ኣማኑኤል ጺጋይን ድማ ነበሩ።

ኣብ ከባቢ ደንጎሊ ንመራሕቲ ጉጅለታት ዝወሓጠት ዳሕረወይቲ ጉጅለ፡ ኣብ ከባቢ ማይ-ኣጣል ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ካብ ሩዋንዳዊ ካመራ ሃከዚማና መጥቃዕቲ ገጢማ። ሚሮን ኣማኑኤል ነቲ ሩዋንዳዊ ክስዕቦ እንከሎ፡ እታ ዝበዝሑ ተቐዳደምቲ ዝሓዘት ጉጅለ ግና ኪንዮ ከም ዓተር ተር ምባል ናህራ ኣዘይዳ ነቲ መጥቃዕቲ ክትምክት ኣይመረጸትን። ምስ ግዜ እውን ነቲ ጋግ ኣጸበበት።

ኣብ ደንጎሎ ታሕታይ፡ ኣማኑኤል መንግስ፡ ኣማኑኤል ጺጋይን ሃኒባልን ጉጅለ ማስረቱ። ሩዋንዳዊ ካመራ ድማ ነታ ክትሃዶም እጥመጣጠር ዝበረት ጉጅለ ክቕልስ ተራእዩ። ምስ ግዜ ድማ ተዋሒጠት።

ተቐዳደምቲ ናብ ከተማ ጊንዳዕ ኣብ ዝተቐራረብሉ፡ ሚከኤል ካብ ካልኣይቲ ጉጅለ ብምህዳም ናብታ ሚልዮን ኣማኑኤል፡ ኣድሓኖም ዘሚካኤልን ዝሓዘት መራሒት ጉጅለ ኣተወ። እታ ጉጅለ ነታ ብሩዋንዳዊ ያን ክሳውድ ንእትምራሕ ዝበረት ሓደኛ ጉጅለ ናይ ኣስታት ፍርቂ ደቒቕ ጋግ ኣንጸፈት።

ሚከኤል፡ ኣድሓኖምን ሚልዮንን ብሓባር እዮም ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሖም። ዝተዳደዎ ቅጽበታዊ ውድድር እውን ንስለ ቮሊታ ጥራይ እዩ እምበር፡ ንወዒ ዝምስጥ ኣይነበረን። ብተኸታታሊ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክወጹ እንከለው፡ ድሕሪ ካብ ዝመጸት ኣርባዕተ ዝኣባላታ ጉጅለ ድማ ያን ክሳውድ ብዘምሰሶን ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ብቐዓት ራብዓይ ደረጃ ሓዘ። ሚሮን ኣማኑኤል - ባይክ ኤይድ፡ መርሃዊ ጎይትኦም- ጽግዕት፡ ካመራ ሃከዚማና - ሩዋንዳ፡ ክብሮም መሓሪ - ጽግዕት፡ ተሰፋኦም ዑቕባማርያም - ኤርትራ ከምኡ ድማ ኤልያስ ኣፈወርቂ - ኤርትራ ክሳብ ዓስራይ ደረጃ ሒዞም።

ብሓፈሻ፡ ኣብቲ ውቁብ ናይ ሽልማት ቦታ ከተማ ጊንዳዕ፡ ሚካኤል ሃብተየም ናይቲ ውድድር ዕወት ብምኻኑ ብጫ ማልያ ክሽለም እንከሎ፡ ኣድሓኖም ዘሚካኤል ድማ ንበሉጽ መንእሰይ (ትሕቲ 23 ዓመት) እትገልጽ ጻዕዳ ማልያ ተሸሊሙ። ብተወሳኺ፡ ሩዋንዳዊ ያን ክሳውድ ብዘርኣዮ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ፡ ናብ መድረኽ ሽልማት ደየበ።

ብዓልቲ ቤቱ ኣብ ዝሓረሰትሉ መዓልቲ ዘንጸባረቐ ሚከኤል

"ሓጎሰይ ወሰን የብሉን። ሎሚ ኸሰብ እየ" ክብል እዩ ሚከኤል ሃብተየም ዘረብኡ ዝጀመረ። "እዚ ውድድር ከምዝዕወተሉ ርግጸኛ ነይረ። ሓሳበይ ሰሚሩለይ። ሎሚ (ትማሊ ምኻኑ እዩ) ብዓልቲ ቤተይ ወዲ ምስ ምሕራሳ ዝሰምዔ ዘሎ ሓጎስ ወሰን የብሉን" ይብል እቲ ቆማትን ንሚስታ ብዙብል ሳጓ ዝፍለጥን ሚከኤል።

### ተወሳኺ . . .

ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር 'ዙር ኤርትራ' ዋላ'ኳ ከም ዝሓለፈ ዓመታት ምስሓው ጋንታታት እንተተራእየ፡ ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽትን ኣካላትን ብዝተገበረ ምውህሃድን ዝኣድ ውዳብ ይረኣየ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ከባቢ ቅጽበታዊ ውድድር ዝተኣኽለ ተገጣጣሚ መከላኸሊ ተዓዘብቲ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታታት ንተቐዳደምቲ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዝነበረ ፍጻመ ምሉእ ብምሉእ ከወግዶ ኣኽኢሉ ኣሎ። እዚ መከላኸሊ ተዓዘብቲ ዝኾነ ሓጺን ድማ ብተምሸን ስፖርት ልዕሊ ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ከምዝተገበረሉ ይግለጽ። እቲ ካልእ ኣወንታዊ ስጉምቲ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ድማ ዕድጊ 'ፎቶ ፊኒሽ' እዩ። ጎደኒ ጎደኒ እውን ስልጠና ፎቶ ፊኒሽ ይወሃብ ብምህላዉ ኣብ ዝስዕብ ውድድር፡ እዛ መሳርሒት ኣብ ዕቤት ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ዝህልዋ ግደ ዕዙዝ ምኳኑ ምስክር ኣየድልየን። ብተወሳኺ፡ ብመወልቲ ዝቐረብ ናይ ምውዕዋዕ ባዕራትን ካልእን እውን ነቲ ናይ መዛዘሚ ሃዋህው ካብ ዘድመቑ ነገራት እዩ።

### ተሳተፍቲ ጋንታታትከ እንታይ በላ?

"ዝተገበረልና ኣቀባብላ ኣገዳሲ ቶሶ ምኳኑ ዝገልጹ ኣድቦ ክብልዮ ኣቀባብላ ኣገዳሲ" 

"ዝተገበረልና ኣቀባብላ ኣዝዩ መሰጠኒ። ህዝቢ ኣብ ጽርግያ ወጺኡ ንተቐዳደምቲ ከተባብዕ ምኽኣሉ ዝምንክስ እዩ። ብሓፈሻ፡ ባህሊ ቅድድም ብሽክለታ ከምዘሎ ከረጋግጽ ክኢለ" ይብል ካብ ፍሰኣይ ዝተሳእከ ኮምሽር ናይቲ ውድድር ክራይስ ሃውትረይ

እዚ ውድድር'ዚ ሎሚ ብናይ 1.2 ካተገሪ ዘለዎ ናይ ቸርኪቶ ውድድር ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ክቕጽል እዩ።













# ሰንበት ምስ ቈልዑ



መም. ዮናስ ሃብተ

## ራህያ ዛንታታትን ጽውጽዋያትን

### እታ ህበይን እቲ ወድን

ካብ ዕለታት ሓንቲ መዓልቲ፡ ሓንቲ ኣዝያ ብልሓተኛ ህበይ ኣብ ከባቢ ድርፎ ብዝነበረ ኣዝዩ ኣሻ'ኹ ዝበዝሓ ዕሙር ገላዕታታት ናይ በለስ ኣቢላ እናኸደት፡ ሓደ ስዒድ ዝስሙ ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጥ ወዲ ረኣያ። ብኡ ንብኡ'ውን እምኒ ኣልዒሉ ክድርብየላ ጀመረ። እታ ህበይ ድማ ካብቲ ንሱ ዝሰንድዎ ዝነበረ ኣእማን ክትሃድም ክትብል ሸተት ኢላ ኣንከራረወት። ኣብ ማእከል እቲ እሾኹ ዝመልኦ በለስ ድማ ወደቐት። ብድሕር'ዚ ኩሉ ኣካላታ ብእሾኹ መሊኡ፡ ካብታ ዝነበረታ ቦታ ክትንቀሳቐስ ኣይከኣለትን። ምኻድን ኮፍ ምባልን ስለ ዝሰኣነት ድማ፡ እቲ ኣእማን ገይሩ ክጕያ ዝጸንሐ ስዒድ ናብ ጥቓኣ ክቐርብ እናረኣየቶ ፈጺማ ክትሃድም ኣይሓሰበትን።

ስዒድ፡ እታ ህበይ ፈለማ በቲ ንሱ ዝደርበየላ ኣእማን ተሃሪማ ዝወደቐት እዩ መሲልዎ ነይሩ። ኣብ ጥቓኣ ቀሪቡ እንተ ረኣያ ግን ብእምኒ ተሃሪማ ዘይኮነትስ፡ ኩሉ ነብሳ እሾኽ ስለ ዝመልአ ብቓንዛ ዝኣክል ምንቅስቓስ ስኢና ከም ዝነበረት ተረደአ።

ስዒድ ቃንዛን ስቓይን ናይታ ህበይ ምስ ረኣየ፡ ከምዛ እምኒ ሒዙ ክሃርማ ደልዩ ዘይጸንሐ ብድንጋጸ ፈዚዙ ተረፈ። ካብ ምብዛሕ ናይቲ ኣብ ነብሳ ኣትዩ ዝነበረ እሾኽ ዝኣክል ዋላሓደ ሓገዝ ክገብረላ ከም ዘይክእል ኮይኑ ስለ ዝተሰመዮ ድማ፡ ብጣዕሳ እናነብዐ "እሞ ሕጂ እንታይ ክሕግዘኪ!?" ክብል ሓተታ።

እታ ህበይ ድማ፡ ስዒድ በቲ ዝበደሎ በደል ጣዕሳ ከም ዝተሰመዮ ስለ ዝተረደአት፡ እቲ ፍርሓ ተቐንጠጠላ። "እዚ ኣብ መቐመጫይ ዘሎ እሾኹ እንተ ደኣ ኣውጺእካለይ፡ ዳርጋ ከም ዘይበደልካኒ ገይረ ክሓስቦ እየ። ስለዚ በጃኻ ዝገደፍካ ገዲፍካ መጀመርታ ንዕኡ ኣወጽኣለይ፡" ብምባል እቲ ኣብ መቐመጫኣ ዝነበረ እሾኹ እንተ ደኣ ወጺኡላ እቲ ካልእ ኣእሻ'ኹ ባዕላ ኮፍ ኢላ ንኸተውጽኦ ጸገም ከምዘይብላ ገለጸትሉ።

ስዒድ'ውን ድሌት ናይታ ህበይ ተረዲኡ ተቐላጢፉ ነቲ ኣብ መቐመጫኣ ዝነበረ እሾኹ ንኸውጽኣላ ግዜ ኣይወሰደሉን።

ብድሕር'ዚ እታ ህበይ ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢላ፡ ነቲ ኣብ ካልእ ኣካላታ ዝነበረ እሾኽ ከተውጽኣሉ እትኽእል ትንፋስ ስለ ዝረኸበት፡ ንስዒድ ኣመስጊና ነቲ ኣብ ምሉእ ኣካላታ ዝነበረ እሾኽ እናኣውጸአት ክትድርብዮ ጀመረት። ብዙሕ ከይጸንሐት ድማ ንኹሉ ኣብ ብምሉኡ ኣካላታ ተሻኺሉ ከቐንዝዋ ዝጸንሐ እሾኹ ኣውጺኣ ወደኣቶ። ስዒድ እዚ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ብኹሉ ጥበብን መንፈዓትን ናይታ ህበይ'ውን ተገረመ።

"ለካ ወዲ-ሰብ መጀመርታ እፎይ ኢሉ ክነብረላን ኮፍ ክብለላን ዝኽእል መሬት እንተ ደኣ ረኺቡ፡ ኩሉ ጸገማቱ ንኽኣልን ካብ ሽግሩ ንኽናገፍ ግዜ ከም ዘይወስደሉ ድማ ተገንዘበ። ከም ድሌቱ ኣጣጢሑ ኣብ ዝደለዮ እዋን ብሰላም ወፊሩ ብሰላም ንኽኣቱ እተኽእል ናጻ ሃገር ከም ዘላቶ ተረዲኡ፡ ብሓጐስ ፍሽኽ በለ። ርዝነት ናይዚ ብዓቢ ድምቀት ንኽንጽምብሎ እንሸባሸብ ዘለና መበል 25 ዓመት ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ናጽነትና ድማ ዝያዳ በርሃሉ።

#### ሕቶ ንዓኹም...!

1. እታ ህበይ ስለምንታይ እያ እቲ ኣብ መቐመጫኣ ዝነበረ እሾኹ መጀመርታ ክወጸላ መሪጻ?

2. ካብቲ ናይታ ህበይ ቀዳምነት ዝሃበቶ ምርጫ ኣፈታትሓ ጸገምከ እንታይ ክንመሃር ንኽእል?

3. እታ ህበይ ስለምንታይ ካብ ፈለማ ኣትሒዛ ነቲ እሾኹ ባዕላ ከተውጽኦ ዘይከኣለት?

#### ሕንጣጥጣጥ

ኣደ፡ "ምሽ ፈታዊ ነብስኻ ጥራይ ምኻን ጽቡቕ ኣይኰነን እሞ ንሓውኻ ምሳኻ ባሊና ኣጸውቶ ኢለካ።"

ህጻን፡ "ሓወይ ፈታዊ ነብሱ ስለ ዝኾነ ግን እቲ ባሊናታት ንበይኑ ምእንቲ ክጻወተሉ ኢሉ ኣነ ኣብ ዘይረኽቦ ቦታ እናወሰደ ኣዋሪዱኒ እንድዩ።"

ኣደ፡ "ንስኻ ናብ ዘይትረኽቦ ቦት ደኣ ናበይ ይወስዶ?"

ህጻን፡ "ናብ ኣፉ ኣእትዩ ይውሕጦ። ርኢኺ ማማ . . . ክሳብ ሕጂ ጥራይ 10 ባሊናታት ውሒጡለይ ኣሎ!"

***

## ካብ ኣደነቕቲ እንስሳታት

### ሓርገጽ



ሓርገጽ ሐደ ካብቶም ዝገዝፉ ለመምቲ ዓለምና ኮይኑ፡ ኣብ ቀላያትን ወሓይዝን ይነብር።

ናይ ሓርገጽ ዓይኑ፡ ኣፍንጭኡን እዝኑን ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ናይ ርእሱ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ማይ ኮይኑ ብቐሊሉ ክርኢ፡ ከተንፍስን ክሰምዕን የኽእሎ።

ኣንስተይቲ ሓርገጽ ኣብ ገምገም ወሓዚ ኣብ ዝኹዓተቶ ጉድጓድ እንቋቍሖታት ትወልድ። እቶም እንቋቍሖታት እዋን ምጭጫሖም ምስ ኣኸለ ከምዚ ናይ ዑፍ ዝጥዕም ድምጺ የስምዑ እሞ፡ እታ ኣንስተይቲ ሓርገጽ ድምጺ ደቃ ሰሚዓ ነቲ ጉድጓድ ኵዒታ ተውጽኦም። ኣብ ኣፋ ቀርቂራ'ውን ናብቲ ወሓዚ ተእትዎም። ብኡ ንብኡ ከኣ ምሕንባስ ይጅምሩ።

#### ሕንጣጥጣጥ

ሓደ ሰብኣይ ንወዱ ከቕምቅሞ ኢሉ ናብ ሓደ እንዳ ቀምቃማይ ይኸይድ እሞ፤

ቀምቃማይ፡ "ከመይ ክቕምቅመካ ዝወደይ?"

ቈልዓ፡ (ነታ ብመንበስብስትኡ ኣትያ ብዳሕረዋይ ጫፍ ርእሱ ዝወጽአት በራሕ ርእሲ ናይ ኣብኡ ኣናጠመተ)

"ከምዛ ናይ ባባ ብኽልተ ወገን ናይ እዝነይ ቀቍሩብ ጸጕሪ ገዲፍካ፡ ማእከላ ቀላጥ ግበረለይ።"

## ንባብ



ከምቲ መግቢ
ንኣካላት፡
ምንባብ ከኣ
ንኣእምሮ
ሓያል ስለ ዝገብሮ፡
ሸውሃትና ንንባብ
ኩፉት ንግበሮ፡
ባዕልና ንባዕልና
ክንምህሮ፡
ንጸገማትና ክንስዕሮ፡
መገድና
ክነስተኻኽሎ።

ኣድራሻና፡
ሰንበት ምስ ቈልዑ
ፓ.ሳ.ቍ.- 1024
ኣስመራ

## ዑፍ ቅርቅረ

## The Honeyguide Bird

ብፓትሪሽያ ሲሊ - ትርጕም ብዮናስ ሃብተ

